# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.3 ረቡዕ 4 መስከረም 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ሕኹራ ናብ ዓቢ መንደቕ ቻይና


ገጽ 3
ቃልሲ ኤርትራ ቃልሲ ህዝቢ!


ገጽ 5
ነጥበ መቐይሮ


ገጽ 6
ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ. . .


ገጽ 11
ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ይቕጽል



# ቻይና - ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ቀ/ሚኒስተር ሊ ቕያንግ ርክብ ኣካዪዱ





ሰእሊ - ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 3 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቅ.ቐ. ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሊ ቕያንግ ርክብ ኣካዪዱ።

ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ - ቻይና ብዘተኸተለቶ ጎደና ዘመዝገበቶ ኩሉ-መዳያዊ ምዕባለ ኣዝዩ ዝደነቐ ከምዝኾነ ብምርግጋጽ፡ ደሊባቶ ብዙሕ ዓቕሚ ኣብ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ዓለም መሪሕ ተራ ክትጻወት ዘሎ ተኽእሎ ርሒብ ብምዃኑ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢናን ኣህጉር ኣፍሪቃን ሃናጺ ተራ ክትጻወት ዘለዎ እምነት ልዑል ምዃኑ ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሊ ቕያንግ ብወገኑ፡ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ኣብ ዝሓለፈ እዋን ቅልጡፍ ምዕባለ ከምዘርኣየ፡ ካብዚ ዘለዎ ደረጃ ዝያዳ ንምብራኹ ከኣ ከሰርሓሉ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ቻይና ኣቶ ጸጋይ ተስፋጽዮንን፡ ብወገን ቻይና ድማ ፈጻሚ ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝርከቦም ላዕለዎት ሰበስልጣን ተረኺቦም ነይሮም።

## ሃማደኤ፡ 61 ደቂ-ኣንስትዮ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ኣሰልጢኑ



ሃማደኤ፡ ብሞያ ቅዲ-ክዳን፡ ባህርያዊ መመላኽዒን ማሳጅን ካብ 4 ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዘሰልጠኖ 61 ኣለይቲ ስድራን ኣቦላት ሓይልታት ምክልኻልን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብ30 ነሓሰ ኣመረቓ።

ሰልጠንቲ ካብ ዞባ ማእከል ኩይኖም 36 ኣዋርሕ ብቅዲ ክዳን ዝሰልጠና 31 ኣለይቲ ስድራ ክኾና እንከለዋ፡ ብባህርያዊ መመላኽዒን ማሳጅን ን4 ኣዋርሕ ዝሰልጠና 30 ድማ ኣቦላት ክፍለ-ሰራዊት 84 እየን።

እቲ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ ብምትሕብባር ሃማደኤ፡ ሃማመተኤን ሃገሰኤን ንመንእሰያት ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ሞያ ንምዕጣቕ ዝሰላሰል መደባት ምዃኑ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ክፍሊ ማሕበራ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ገሊጻ።

እቲ ትምህርቲ፡ ምንጪ ቁጠባዊ ኣታዊታተን ንምውሓስ ከምዝሕግዘን ዝጠቐሳ ሰልጠንቲ፡ ተመሳሳሊ መደብ ክቕጽል ተላብዮን።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ሰልጠንቲ - ብውልቃዊ ተበግሶ ኰበሰን ከማዕብላ ብምዝኽኻር፡ ምትሕብባር ሃማደኤ ከምዘይፍለየን ኣረጋጊጻ።

## ዓንሰባ - ኣመሓዳሪ ዞባ፡ መስኖኣዊ ሕርሻ ክድፋኣሉ የዘኻኽር

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ሓረስቶት - ብበጽሒኡ ንዝተሰርሓን ዝሰርሓ ዘለዋን ብርክት ዝበለ ዲጋታት ብውሕልነት ተጠቒሞም መስኖኣዊ ሕርሻ ብሰፊሑ ክተኣታትዉ ጸዊዑ።

ካብ 18 ክሳብ 24 ነሓሰ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ዓዲ-ተከሌዛንን ሓልሓልን ኣሰማጥን ኣብ ዝቐጸለ ርክባት - ኣምባሳደር ዓብደላ፡ ብልዑል ትሳትፎ ህዝቢ ሰራዊትን ንዝተሰርሓ ብርክት ዝበለ ንኣሽቱ ዲጋታት ድሕሪ ምጥቃስ፡ መስኖኣዊ ሕርሻ ብምስፋሕ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ብዘለዓለ ክሰርሓሉ፣ ምድልዳልን ምጅራፍን ናይ ሕርሻ መሬት ክድፋኣሉ፣ ንጥፈታት ምድኻዕን ምጥቃም ምሩጽ ኣዝርእትን ዓቢ ኣተኩሮ ክወሃቦ ኣተሓሳሲቡ።

ተጠቃሞት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት - ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ማይን ካልእን ንምርግጋጽ፡ ቁሸታትን ዓድታትን ናብ ዝማእከለን



ዝጠጥሐን ከባቢታት ክጥርነፉ፣ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ጥቡ ዝበለት ማይ ብግቡእ ክትዕቀብ፣ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት - መደባት ምግራብ፡ ምሕዛእን ምፍዋስ ማይ-ኩዕታትን ብዘይፈሐ ተሳትፎ ክትግበር፣ ዝተዋደዱ ትካላት ግቡእ ክንክንን ዕቃበን ክግበረሉም ኣተሓሳሲቡ።



ተሳተፍቲ ድማ፡ ግዝሪ መሬትን ጥሪትን ኣብ እዋኑ ክእከቡ፡ ኣብ ዕደላ ጋዝ ዘሎ ጸገም ንምፍታሕ ስጉምቲ ክወሰድ፣ ርእሰውጥን ዓድታትን ከባቢታትን ክቆላጠፍ. . . ዝብልን ካልእን ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

# ሕኹራ ናብ ዓቢ መንደቕ ቻይና

ሰለሞን ኣሕመድ

**ክብራት ኣንበብቲ - ሓደ ሕቶ ክሓተኩም?**

መለክዒ ብቑዓት ሰብነት (body fitness) ናይ ሓደ ሰብ እንታይ ኢዩ? ‘ሓያል ኢዩ’ እትብሎ ሰብከ ብኸመይ እዩ ዝምዘን? መልሰኹም ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ማኦ ዘ ዶንግ፡ ‘ኣቦ ቻይና’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓቢ መራሒ፡ “ናብ ላዕሊ ጫፍ ዓቢ መንደቕ ቻይና ዘየብጽሐ ሰብ፡ ‘ናይ ብሓቂ ሰብ’ ክትብሎ ዘኽእል ኣይኮነን” ይብል ነይሩ።

ኣብ ቻይና ከተማ በይጂንግ እየ ዘለኹ። ብዜናን መራኸቢታትን ኣህጉራዊ ማእከል ቻይና (CIPCC) ብዘዘውደቦ ፕሮግራም ስልጠናን ዑደትን ንምስታፍ፡ ናብ ቻይና ካብ ዝኣቱ ድሮ ልዕሊ ክልተ ሳምንታት ኣቑጺረ ኣለኹ። ቻይና መዓልታዊ ምስ ባህላን ምዕባለኣን እናላለየትኒ እያ እትርከብ። 28 ነሓሰ ድማ ልዕሊ እተን ካልኦት ኣብ ቻይና ዘጸናሕኩለን መዓልታት፡ ንዓይ ዘይትርሳዕ ፍልይቲ ኣጋጣሚ እያ ነይራ። ብመራኸቢታት እምበር፡ ብጋህዲ ዘይረኣኽዎ ዓቢ መንደቕ ቻይና ክርእዮ ዘብቅዓትኒ ዕለት ብምንባራ።

ብመሰረት ሰሙናዊ ዝወጸና ናይ መደብ ስሌዳ፡ 28 ነሓሰ ዓቢ መንደቕ ቻይና ንበጽሓሉ ዕለት እዩ ኣኺሉ። መዓልታዊ ንጽሑፍን ንዛብርን ሰራሕ ዘኪታተላን ዝውድባን ክልተ ነኣሽቱ ቻይናውያን ተሓጋገዝቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣለዋና። ክልቲኤን ኣብ ፈለማ 20’ታት ዕድመ ዝርከባ ብወለንታአን ከገልግላ ዝመጻኣ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ እየን። እታ ናይ ኢንግሊዘኛ ኣስተርጓሚትና ‘ሉ’ (Lu) እያ ትበሃል። እታ ናይ ፈረንሳይኛ ኣስተርጓሚት ድማ ‘ሌና’ (Lena) ትበሃል። ዘይ ከም ዕድሚኤን ነቲ ሰራሕ ብምሉእ ሓላፍነት እየን ዝዒያኦ። ብምቕሊል ኣገዛብ ሕቶኻ ይቕበላ፡ ብምቕሊል ኣገዛብ መልሲ ይህባኻ።

ቻይናውያን ግዜ ኣብ ምኽባር ጥንቁቓት እዮም። ከንዲ ዝኾነ ድማ፡ እዘን ንዓና ክተሓጋግዛ ዝመጽኣ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሰዓታትና ከየኽብርና ዘለና ምደባት ኣቐዲመን ከዘኻኽራና ኣይሕለላን እየን።

28 ነሓሰ ደጊኽ ኢሉ፡ ካብ 84 ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተዋጽኡና 94 ጋዜጠኛታት፡ ቀልጢፍና ካብ ድቃስና ተበራቢርና ቅድሚ ገለ ደቃይቕ ናይ’ቲ ንበጽሓሉ ሰዓት ኣብቲ ንዝተመደበልና ክልተ ኣውቶቡስ ክንሳፈር ጀሚርና። ንቕሎ ናብ ዓቢ መንደቕ ቻይና እዩ።

ከተማ በይጂንግ፡ ልዕሊ 22 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ከተማ ኢያ። እቲ ምእኩል ዝኾነ ስርዓት ምሕደራ ናይ’ታ ከተማ ግና፡ ህዝቢ ካብን ናብን ክንቀሳቐስ ክጨናነቕ ኣይትዕዘብን ኢኻ። ካብ ትሕቲ ምድሪ ባቡርን ናይ ከተማ ኣውቶቡስን ጀሚርካ ክሳብ ፈቐደኡ ተዘርጊሖን ዝርከባ - ህዝቢ ክፈሉ ዝግልገለለን ብሽክለታት ዘማእከለ መጎዓዝያ እታ ከተማ፡ ኣብ ግዜኻ ኣብ ድላይካ ክትበጽሕ ኣይትሽገርን ኢኻ። ምዕጻውን ምጭግናቕን መንገድታት ብኣንጻር ናይ’ቲ ብዝሒ ህዝቢ የለን ክትብሎ ኢኻ እትደፍር።



ድሕሪ ናይ ኣስታት ሓደ ሰዓት ጉዕዞ፡ ካብ ከተማ በይጂንግ ናብ ዓቢ መንደቕ ቻይና በጺሕና። ብርክት ዝበሉ ቻይናውያን ኮተቴ፡ ሓደ ዝዀይኑ ባህላዊ ክዳን ለቢሶም፡ ‘ኩንግፉ’ (kungfu) ብዝተባህለ ባህላዊ ሳዕሳዒት ተቐቢሎምና። ኩላትና ቡቲ ኣብ መእተዊ ናይቲ ግንቢ ዝበረ ፍሉይ ናይ ‘ቡድሃ’፡ ባህላዊ እምነት ቻይና ምኻኑ እዩ - ተመሲጥና፡ ሞባይላትና ኣውጺእና ክንቀድሕ ጀሚርና። ኣቤት በዝዘኸደኛዮ ክንዲ መዓት ስእሊ……።

ካብ ናይጀርያ ዝመጽአ ብጻይና ጋዜጠኛ ብልጽቲ ካሜራ ሐዙ ብምንባሩ፡ ኩልና ክስእለና ተወከስናዮ። ንሱ’ውን ኣይኣሓመቐን ነቲ ምስኣል ናተይ ኢሉ ተተሓሓዞ። ኣብ’ቲ ግምቢ ብዘጀንሐና ኣሊዩቲ በጻሕቲ (tourist guide) ድሕሪ ዝተዋህበና ሓጺር መግለጺ ድማ፡ ጉዕዞ ምሕኻር ናብ ጫፍ ናይ’ቲ መንደቕ ኮነ።

ብዝበዝሒ በጻሕቲ ዝሓኾርዎ ክፋል ዓቢ መንደቕ ቻይና ‘ባዳሊንግ’ (badaling) ይበሃል። ነቲ ግምቢ ክበጽሑ ካብ ዝመጽኡ በጻሕቲ፡ እቶም 70 ሚእታዊት ‘ባዳሊንግ’ ከይረገጹ ኣይከዱን እዮም። እዚ 7.6 ኪሎ ሜትር ንውሓት እዩ ዘለዎ። ንኽትሓኹሮ ካብ 1 ክሳብ 2 ሰዓት ይወስደልካ። ንሕና ክንሓኹሮ ዝወሰንና ዓቢ መንደቕ ቻይና’ውን እዚ እዩ ነይሩ።

ዓቢ ግንቢ ቻይና ኣካል ባህላዊ ውርሻ ኮይኑ፡ ኣብ 1987 እዩ ኣብ መዝገብ ባህላዊ ውርሻ ዓለምና - ‘ዩኔስኮ’ (UNESCO) ክሰፍር ዝጸቐዐ። ቀዳሞት ቻይናውያን ነገስቲ፡ ነቲ ግምቢ ካብ ጸላእቲ ንምክልኻል እዮም ሃኒጾምዎ። ኣብ ሓደ ዘመን ስልጣን ናይ ቀዳሞት ነገስቲ ቻይና ዝተሃንጸ ግን ኣይኮነን። ቅድሚ ሓያሎ ዘመናት ዝነበሩ፡ ሓያሎ ቀዳሞት ወለዶታት ቻይና ኢዶም ዘንበርሉ ዓቢ መንደቕ እዩ። እቲ ህንጻ 3 ክፍለ ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ተጀሚሩ፡ ኣብ 17 ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ እዩ ተዛዚሙ። ንምህናጹ ኣስታት 2000 ዕመታት ወሲዱ ማለት እዩ።

ዓቢ መንደቕ ቻይና ኣርማ ባህሊ፡ ታሪኽ ከምኡ’ውን ጥንታዊ ስልጣኔ ቻይና እዩ። ዓመታዊ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ በጻሕቲ ይበጽሕዎ ኣለው። ንሕና ናብቲ ግምቢ ኣብ ዝበጻሕናሉ እዋን እውን እንተኾነ፡ ብዕስርተታት ዝቑጸሩ ወጻእተኛታት በጻሕቲ ነቲ መንደቕ ክሓኹርዎ ተዓዚብና ኢና።

‘ባዳሊንግ’ 12 መመልከቲ ግምቢታት (signal towers) ኣለዎ። መብዛሕትኦም እቶም ምሳይ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት ኽና ክልተ ወይ ሰለስተ ካብ መመልከቲ ግምቢታት ከይሓኾሩ እዮም ፈርሺሾም ክበሉ ጀሚሮም። ገለ ውሑዳት ድማ፡ ናብ 6ይ መመልከቲ ግምቢ፡ ብኣጸቢቑ ዝቑጸሩ ድማ ናብ 7ይ መመልከቲ ግምቢ በጺሖም። ኣነን ኬንያዊ ብጻየይ ግና፡ ናብ’ዚ መጺእና ናብ ጫፍ ከይበጻሕና ኣይንምለስን ዝብል ‘ኒሕን ሓሞን’ ሐዚና። እቲ ኣሰካላ ናይ’ቲ መንደቕ ገሊኡ ብዝምጋም ክሳብ ፍርቂ ሜትሮ ብራኸ ዝበሮም ብምንባሮም፡ ንምድያቦም በዓሀቲ እዮም ነይሮም። እቲ ኬንያዊ ብጻየይ፡ “If there is determination, there will be destination” እትብል ሞራል ዝበራ ጥቕሲ ደጋጊሙ የድምጻ ነይሩ። “ጽንዓትን ቆራጽነትን እንተሎ ዘይብጻሕ ነገር የለን እዩ” ዝበለኒ ዝበረ። “እዚ ደኣ መለለዪ ናይ ኩሉ ኤርትራዊዶ ይኮን. . .” ኢየ ዝበልኩ ብልበይ።

ሓቂ ይሓይሾ፡ ንሱ ሓጺር ደኣ ይኹን’ምበር ስብኡ ግዚፍ ብምንባሩ፡ ክድይቦ ይኽእል ኢዩ ዝብል ግምት ኣይነበረንን። ከቢድ ሞራልን ኒሕን ዝሓትት ደኣ ይኹን’ምበር፡ ለቢስናዮ ዝበርና ማልያን ስረን ብረሃጽ ጀብጂቡ ሰለይ ምባል ይኽልኣና ነይሩ። ከምኡ እናበልና ግና፡ ናብ ጫፍ ማባል 12 መመልከቲ ግምቢ በጺሕና። ሻምፕዮን ናይ ብጾትና ኳንና ማለት እዩ። ከም መርኣያ ናይ’ዚ ስምና ዝተወቕረ ክልቴና ወረቓዊ መዓልያ ተዋሂቡና። ኤርትራዊ ማለት……..!

ዓቢ መንደቕ ቻይና፡ ሰለስተ ኣገደስቲ ኣካላት እዩ ዘለዎ - መሕለፊ ካናለ (passes)፡ መመልከቲ ግምቢታት (signal towerd)፡ ንብዕሉ እቲ መንደቕ (the wall)።

እቲ መሕለፊ ካናሉ፡ ብዓቢይቲ ኣእማንን ሕጡብን ዝተሰርሐ ኣዝዩ ድልዱል እዩ። እቲ ካናለ ንብዕሉ ካብ 4 ክሳብ 5 ሜትሮ ሰፋሓት እዩ ዘለዎ። ኣብ ኸናፊ ወሰፍ ካናለ ናይ’ቲ መንደቕ፡ መደሃቢ ወተሃደራትን ኣፍራሰን ዝኸውን ቀርጹ ዝሓልፍ መንገዲ ኣሎ። ብኽልተ ጎድንታት ናይ’ቲ መተሓላለፊ ካናሉ፡ ክሳብ ሓደ ሜትሮ ቁመት ዘለዎ ተማዕደዩ ዝኸይድ መንደቕ እውን ኣሎ። ኑቶም ወተሃደራትን ኣፍራሰን ንታሕቲ ከይወድቁ ንምኽልኻል ተባሂሉ ዝተሰርሐ ደንደስ መንደቕ።

መመልከቲ ግምቢ፡ መሐበሪ ፋና ተባሂሉ’ውን ይጽዋዕ እዩ። ካብን ናብን እቶም ወተሃደራት መልእኽቲ ንምትሕልላፍ የገልግል ነይሩ። ኣብ ግዜ ለይቲ ሓዊ ወይ ፋኑስ ብምብራህ መልእኽቲ ክሰዱ እንክለው፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ ኣብቲ ግምቢ ኮይኖም ትኪ ብምፍጣር፡ ወይ ብጣቓዒት ወዘተ ሃንሕድሕዶም ሓበሬታ ይለዋወጡ ነይሮም። እቶም መመልከቲ ግምቢታት፡ ብቐሊሉ መታን ክትርእዮም፡ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ናይ’ቲ ዓቢ መንደቕ ዝተሃንጹ እዮም። እቲ ግምቢ ናይ ኣፍራስ መደቀሲ፡ መኻዚኖን መጽለሊ ወተሃደራትን ዝኸውን ክፍልታት ኣለዎ።

እቲ መንደቕ ንብዕሉ ሓደ ኣካል ናይ መከላኸሊ ድፋዕ እዩ። ኣብቲ መሰረቱ ልዕሊ 6.5 ሜትሮ ሰፋሓት እዩ ዘለዎ። እናለዓለ ክኸይድ እንከሎ ድማ ከም ከበሉ ካብ 5 ክሳብ 6 ሜትሮ ሰፋሓት ይሕዝ። እቲ መንደቕ ካብ መሰረቱ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ክፋሉ ካብ 7 ክሳብ 8 ሜትሮ ቁመት ብራኸ ኣለዎ። ኣብ ገለ ሰንፎጭሮታት ዘለዎ ቅርጺ መሬት - እቲ መንደቕ ክሳብ 10 ሜትሮን ልዕሊኡን ብራኸ ይድይብ እዩ። ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ጫፍ ናይ’ቲ መንደቕ፡ ኻይ ውሑዳት ሜትሮ ዝተረሓሓቑ መሳኹቲ ኣለው። እዚ እቶም ወተሃደራት ንጸላኢ ንምጥቃዕ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ መሳኹቲ እዩ።

ዓቢ መንደቕ ቻይና ኪንዮ ወተሃደራዊ ድፋዕ፡ ካብን ናብን ዝኸይድ ዝነበረ ንግዲ ንምቁጽጻርን ግብሪ ንምእካብን እውን የገልግል ነይሩ እዩ።

ጠቕላላ ቁመት ዓቢ መንደቕ ቻይና 21,196.18 ኪሎ ሜትር እዩ። ክንዲ ፍርቂ ንውሓት ናይ ቅናት ምድሪ ‘ኢኳቶር’ ምኻኑ እዩ። እዚ ኣሃዝ’ዚ ካብ ቤት ጽሕፈት ባህላዊ ውርሻ ቻይና - ኣብ 2009 ዓ.ም. ዝተዋህበ ጸብጻብ እዩ። ብቛንቋ ቻይና እቲ መንደቕ ‘ቻንግ - ቸንግ’ ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ - ‘ነዊሕ መንደቕ’ ማለት እዩ።

ዓቢ መንደቕ ቻይና፡ ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ቻይና ካብ ምዕራብ ክሳብ ምብራቕ ተዘርጊሑ ይርከብ። እቲ መንደቕ ንበይጂንግ ቲያንጂን ከምኡ’ውን ሊያኦኒንግ ሓዊሱ 15 ዞባታት ቻይና ይሸፍን። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ኣስታት ሓደ ሰሶ ህንጻ ዓቢ መንደቕ ቻይና - ዋላ ሓደ ኣሰር ዘይብሉ ጠፊኡ ይርከብ።

እቶም ቀዳሞት ነገስታት ቻይና፡ ንመተሓሓዚ ሕጡብ - ብሓርጭ ሩዝ ዝተሰርሐ ባዕቢ ይጥቀሙ ከም ዝነበሩ’ውን መዋጽብቲ ታሪኽ ይገልጹ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቃልሲ ኤርትራ ቃልሲ ህዝቢ!

ዘርኢት ወልደየሱስ

ቅድሚ ብረታዊ ተጋድሎ ንናጽነት ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ፖለቲካዊ ቃልሲን ናይ ግዝኣት ሓይልታት ኣደራዕን ሰጊሩ'ዩ። ፈደረሽን ንግዝእ ርእሱ፡ ኣብ ልዕሊ ደለይቲ ናጽነት ናይ ሓይሊ መንት ዘሰዓበ፡ ብናይ ምትላል ፖለቲካ ዝተባዕጠን መሰርሓቱ፡ ንብዙሓት ኣርንናት ደቂ ሃገር ዋጋ ኣኽፊሉ። ብዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብ ዝተበገሰ ተቓውሞ ኣንጻር መግዛእቲ፡ ብኣባትር ስርዓት ኢትዮጵያን ደገፍቱን እናተቐረሰሙ፡ ተሰፋ ናጽነት ኣብ ምህላስ ዘይርሳዕ በሰላ ገዲፉ።

ህዝቢ ተቐቲሉ፡ ተሰዲዱ፡ ምድሪ ሃገሩ እሾኽ ኰይኑዎ መርገጺ ዝስኣኑ እዋን ኣሕሊፉ። ናይ ምክፍፋል፡ ምንቛት፡ ምቕታል. . . ሸርሒታት ገጢሩ። ደለይቲ ናጽነት፡ እቲ እዝጎን ናይ መወዳእታን ምርጫ፡ ይንዋሕ ይሕጸር ብብረት ምቅላስ ጥራይ ምዃኑ ክሰብ ዝተገንዘቡ፡ ንናጽነት ኤርትራ ተጣበቕምን ሃረር ኢሎማ፤ እታ ብሓምድ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ንፈለማ እዋን ደሃይ ዘስመዐት ጥይት ድማ፡ ንኹሉ'ቲ ፖለቲካዊ ዋጢጥ ኣዕሪፉ፡ ንግዝኣት ሓይልታት፡ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ "እዝያ ሜዳ እዝያ ፈረስ" ምዃኑ ኣግሃደትሎም።

እዚ ጸገማት፡ ትዕግስትን ስሙር ተሳትፎን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝጸወዐ ሰውራ፡ ብቐልጡፍ ክዩቢ ጀሚሩ። ሰግኣትን ናይ ሓይሊ ስጉምትን ግዝኣት ሓይልታት ብዘየገድስ፡ መቑጻሪ ዘይብሉም መንእሰያት፡ ተመሃሮ፡ ሸቃሎ፡ ጓሶት፡ ሓረስቶት. . . ካብ ኹሉ ቦታታት ኤርትራ ናብ'ቲ ውልዶ ሃገራዊ ቃልሲ ውሒዞም።

ዋላ'ኳ ሰውራ ገፊጥ-መሬጡ ክሳብ ዝጸሩ ንድሕሪት ብዘሎትት ምጉዛዪ፡ ውልቃዊ ረብሓ፡ ዊንታ ክሽዎ ሃገራዊት. . . እንተ ተፈተኑ ከምኡ ድማ እዚ ኩነት ዝመዝመዞ ሓይልታት ናብ ረብሓኦም ንክውዕሉዎ ብሓይሊ'ቦ እንተ ሰርሑ፡ ህዝባዊ ቃልሲ ንኽይቅህም መስዋእቲ ብዘኽፈሉ ፈቓራት ደቂ ሃገር ክሰርር ክኢሉ እዩ።

ኾ ገድሊ ነዊሕ ከይሰገመ ኩነታት ሜዳ እናኸፍአ ብዘኸደ፡ እቶም ሕዝኮላን ምግዛዝን ዘይማእምኑም ዲሞክራሲያውያን ተጋደልቲ፡ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ኣሰሚሩ ዝኣሊ ሃገራዊ ሕንጻጽ ወይ ፕሮግራም፡ ከምኡ ድማ ንጹር ናይ ቀረባ ርሑቕን ራእይ ኣማሪጺ ዘይብሉ ቀዳምነት ምዃኑ ተገንዚቦም። ስለ'ዚ ድማ ኣብ ደነ ሞት እናሃለዉ፡ ብዝዕባ'ቲ ዘይቅድዱው ኣካይዳ ሰውራ ሓሳቦም ክገልጹ ጀመሩ።

እንተኾነ እዚ ናይ ምእራም ስጉምቲ ካብ መጀመርታኡ ዕንቅፋታት ኣጋጠሞ። እቲ እንትርፎ ናጽነት ምንዳይ ካልእ ጥሙሕ ዘይነበሮ ተጋዳላይ፡ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ዓሌት ዘዩተኣናግድ ስሙር ናይ ቃልሲ ባይታ ክናፍቕ እንክሎ፡ ብሰሪ'ቶም ስምረት ዘዩሕጉሶም ሰብ ረብሓ ዝኾኑ ላዕለዎት መራሕቲ ግን፡ እቲ ቃልሲ ንኽጻረ ካልእ ውሽጣዊ ቃልሲ ክቶዩድ ግድነት ነበረ።

ኣብ ውሽጢ ውድብ ኼንካ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ሓደጋ ዘስዕብ ምስ ኾኑ፡ ደለይቲ ንጹህ ሃገራዊ ቃልሲ ብብረት ምስ ተሃደኑ፡ ብውልቅን ብጉጅለን ቡብዝጠዓመካ ምፍላይ ከኑ፡ ገለ ናብ ሱዳን፡ ገለ ድማ ናብ ከቢሳ ብምድያብ ከኑ፡ ኣብ ዓላ ተኣኻኺቦ። እዚ ኣብ ሱዳን ዝተኣኻኸበን ብኻልኣይ ወገን ዝፍለጥን ዲሞክራሲያዊ ሓይሊ፡ ብዓደን ኣብሉ ናብ ደቡብ ደንከል ኣተዉ። ኣብ



1970 ኣብ ሰዱሓ ዔላ ጉባኤ ብምቅናዕ ድማ፡ ዝምራሓሉ መትከላትን ናይ ስራሕ መደብን ብምሕንጻጽ፡ ምቛም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ህ.ሓ.ሓ.ኤ.) ብወግዒ ኣወጀ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ በቲ ስለ ናጽነት ሃገር ንኽቃለስ ዝተፈለየ ውሑድ ሓይሊ ሰግኣት ስለዝሓደሮ፡ ብዕሽሉ እንከሎ ንኽየጮፍልቖ ሰፊሕ ወፍሪ ኣንቀሰ። እዚ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ተፈልዩ ናይ ቃልሲ መስመሩ ዘቐፀ ኣዝዩ ውሑድ ሓይሊ፡ ኾ ብየስ ከይፀበለ ብፈተንቲ መድረኻት ተኸበበ።

እዚ ኣብ ዓላ ዝተኣኻኸበ 2ይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት፡ ንቐናብ እዋን ኣብ ሶሚናዊ ባሕሪ ተሓቢኡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ደሃይ ናይ ቀዳማይ ወገን ስለዘርኸበ፡ ኣብ ሶሚን ደንከል - ሲሞቲ ኣብ ዝበሃል ቦታ ተራኸበ። ብሓባር ናብ ሶሚን ኤርትራ ብምጉዓዝ ከኑ፡ ኣብ 1970 ቀዳማይ ወገን ኣብ እምባዛራ - ሳሕል፡ ካልኣይ ወገን ድማ ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ብዘዘበርዎ ኣኼባታት፡ ብሓደ ዓይነት ውሳኔታት ወጽኡ። እዚ ኣኼባታት ንሓድነት ኣረኣእያን ዕላማን መሰረትን ዘረጋገጸን ነበረ።

እቲ ከኖ ሃገራዊ ዕላማ ኰይኑ ብውሽጣዊ ፍልልያት ክሕመስ ዝጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ተሰፋ ቅኑዕ መሰርሕ ቃልሲ ክርኢ በቐዐ። ሓይሊ ጸላኢ እውን ንጹር ዕላማ ሓንጺጹ ዝተበገሰ ናይ ቃልሲ ውድብ ምቕልቃሉ ቅሳነት ስለዘኸልኦ፡ ንኽጠፍኦ ላዕልን ታሕትን በሉ።

እዙም ብግዝኣት ሓይልታት ይኹን ብስዕለዎት መራሕትት 'ቅያድ ኣል ዓማ' ከም ሕሰም እናተሃደኑ ኣብ መትከሎም ዝጸንዑ ተጋደልቲ፡ እምነትን ተኸርጥን እናሰዘሩ ብሓባር ክጉዓዙ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኑቲ መሰረታዊ ዘይነበረ ፍልልያቶም ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ብምውጋድ፡ ኣብ 1973 ምሉእ ብምሉእ ብምትሕንፋጽ፡ ሓደ ስሙር ሓይሊ



መስረቱ። ኣብ ስ 1974 እውን "ዐብል" ምሉእ ብምሉእ ምስ'ዚ ዝሰመረ ውድብ ተሓናፈጹ። ህ.ሓ.ሓ.ኤ. እምበኣር፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝተቐስመ ተመክሮን ዝተኻየደ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን እዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዘሰቐን ናይ ቃልሲ መንፈሱ ንኽበራበር ዝሓገዘን እውን እዩ።

ስሙር ሃገራዊ ሰራዊት ንምህናጽ፡ መጀመርታ ኣረኣእያ ተጋደልቲ ናብ ሓደ ምምጻእን ፖለቲካዊን ሃገራዊን ንቕሓት ክብ ከም ዝበል ምግባርን ኣገዳሲ ስለዝነበረ፡ እቲ ሓድሽ ውድብ ጽዑቕ ናይ ትምህርቲ መደብ ሓንጺጹ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ንኹሉ ሰራዊት መሃይምነት ከምዝጠፍእ ገበረ። በዚ መሰረት ድማ፡ ሃገራዊ ቃልሲ ንምስፋሕን ንምጥንኻርን "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ" ዝበል ጭርሖ ኣብ ግብሪ ከውዕል



ጸዓተ። ህዝቢ በብዓዱን ከተማኡን ተጠርኒፉ፡ መራሕቱ እናመረጸ ጉዳያቱ ባዕሉ ክፍጽም ዓቢ ተራ'ሕወሰ። ማሕበራት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሸቃሎ፡ ገባር፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ክዕምብባ ጀሚረን። ህዝቢ ድማ በዘን ማሕበራት እናተኣልየ ብዝለዓለ ንቕሓትን እምነትን ተሳታፍነቱ ኣብ ሰውራ ክዕቢ ከኣለ።

ስለ'ዚ እምበኣር፡ ኤርትራዊ ሃገራዊነት - ጥር ኢሉ ወይ ካብ ባዶ ዝቖለ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ቲ ግዜን ንጹር ዕላማ ዘሰዎ መርሒ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝረኸቦ ተመክሮ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንኡበሱ ከም ሓደ ህዝቢ ክቖጸር ምስ ጀመረ፡ ጸልኣቱ ኣብ መግዛእቲ ብሓባር ክገልጽ ምስ ከኣለን እዩ።

ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. እናዓበየን እናበሰለን መጺኡ። ኣብ ኩሉ መስርሕ ቃልሲ፡ ንቕሓት ተጋደልቲን ህዝብን ንምዕባይ ከም ቀንዲ ናይ መቃለሲ መሳርያ ዝወሰዶ እንተ ሃልዩ ድማ፡ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ካድር እዩ። እዚ፡ ንቕሓት ተጋደልትን ህዝብን ኣብ ምብራኽ ጉሉሕ ተራ ካብ ዝተጻወቱ ሓደ እዩ።

ብዘይካ'ዚ ንኽብርታት ሕብረተሰብና ከይንጸየ ዝተሃንጸ ሰውራዊ ክብርታት'ውን ኣብ ምዕዋት ሰውራዊ ስሩሓሳብ ዓቢ ግደን መሪሕ ተራን ዝበርም ሃገራዊነትን ሃገራዊ ባህሊን ኣብ ምኹስኳስ ዘይሃገቅ ኣበርክቶ ተጻዊቱ እዩ። ክብርታት ህዝባዊ ግምባር ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ገለ ካብኣቶም - እቲ ሰውራ ካብ ተጸባይነት ሓራ ኰይኑ ክሳብ ዓወት ንኽቕጽል ዝገበረ - ርእሱምርኮሳ፡ ንኹሉ ዓይነት ደረጃታት ሕብረተሰብን ጾታን ከይፈለየ ዘቃለሰ ማዕርነት፡ ሓላፍነት ከም ዝሰከም ዝጉብር ናይ ዋንነት ስምዒት፡ ንተበራረይቲ ሓያላት ዓለምና ኢዱ ንኸይህብ ዝገበረ ጽንዓት፡ ፍቕሪ ሃገር ዘደረኾ ተወፋይነት፡ ቅኑዕ መትከልን ዕላማን ዘደረኾ እምንት፡ ብጻይነት. . . ንመንክርክር ሰውራ ብጽዓት ከም ዝጓዓዝ ዝገበሩ እዮም።

ንኣብነት ርእሱምርኮሳ እንተ ወሲድና፡ ሰውራ ኤርትራ ንናይ መሓዙት ደገፍ ዓቢ ግምት ዝሀብ'ኳ እንተነበረ፡ እቲ ቃልሲ ውሕስነት ንክህልዎ ኣብ ናይ ግዝኡ-ርእሰኻ ዓቕሚን ክእለትን ምምርኳስ ከምዝድሊ ተገንዚቡ፡ ጉድኒ-ጉድኒ ዕጥቃዊ ቃልሲ ቑጠባዊ ጠለባት ሰውራን ህዝቢን ንምምላእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመጻኢት ኤርትራ ቑጠባዊ መሰረት ዘትሕዝ ሰፋሕቲ ሕርሻታት ኣልማዕዩ እየቱ ሓፈሱ፣ ናይ ኢደ-ስርሓት ትካላት ኣቖመ፣ ንተጋደልቲን ህዝብን ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ንምሃብ ሆስፒታላትን ክሊኒካትን፡ ህዝቢ፡ ተጋደልቲን ደቂ ዕቑባትን ዝመሃርሉ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ከምኡ ድማ ኣብ'ቲ ብተዛማዲ ሰላም ዝኾኑ ቦታታት መጓዓዝያ ህዝቢ. . . መስሪቱ።

ናይ ህዝቢ ናይ ምፍራይ ክእለት ንምብርባር፡ ብቐዳምነት መሬት ብፍትሓውን ማዕርነታውን ኣገባብ ኣደላዲሉ፡ ክሊኒካት ብምውፋር ድማ፡ ንዋታዊ ሓገዝ እናቐረበ ንሓረስቶት ኣተባቢዑ። ሃብቲ እንስሳ ንምዕቃብን ንምዕባይን ኣገልግሎት ክታበትን ሕክምናን እንስሳ ኣደንፊዑ። ብሓፈሻ ኣብ ትሕቲ ቐርጺ ዝነበሮ ዓብዪ ስራሕ'ውን ብቐሊሉ ዝረኣ ኣይነበረን።

ኾ እግሪ ተኽሊ እንከሎ፡ ኑቲ ኑበሽካ ናይ ምኽኣል ዕላማ ዝድርዕ "ንጸላኢ ብጥይቱን ብብረቱን" ዝበል ጭርሖ ነይሩዎ። ካብ ሰራዊት መግዛእቲ ድማ ካብ ዝደቐቐ ክሳብ ዝዓበየ ኣጽዋር መዝዚዑ፡ ናብ ጸላእቱ ጠውዩ ብኣጽዋሮም ተዋጊኡዎም።

ብዘይካ'ዚ ህዝቢ ተጻባዪ ረድኤት ምእንቲ ከይከውን፡ ዲጋታት፡ ዛላታት፡ ሓጽብታት ኣብ ምስራሕ ኣብ ርእሲ ምትብባዕ፡ ኣብ ሕሰም እዋን ህጹጽ ረድኤት ብምቕራብ፡ ብሰንኪ ደርቂን ባርባራዊ ግፍዕታት ጸላኢን ዝሰደየ ህዝቢ ካብ ኣፍ ሞት ኣድሒኑ።

ሓደ ካብ'ቲ ዝዞም ክብርታት ኣብ ተጋዳላይ ይኹን ህዝቢ ንምስራጽ ዝተጠቕመሉ ኣገባብ እንተ ርኢና - ስሩጥባብ እዩ። መዚቃ፡ ደርፊ፡ ስሑጽሑፍ፡ ድራማ. . . ገለ ካብ'ቶም ቀንዲ መመሓለለፊ መልእኽቲ ኰይኖም ኣብ ምኹስኳስ ሃገራዊነት ዓቢ ተራ ተጻዊቶም እዮም።

ብኣጠቓላሊ ክንርእዮ እንከለና፡ ኤርትራዊ ሃገራዊነት፡ በዞም ዝተጠቕሱ ክብርታት፡ ንቕሓት፡ ፍልጠት፡ ብቕዓት፡ ናይ ዋንነት ስምዒት. . . ተደሪኹ፡ ኣብ ነዊሕን መሪርን ናይ ቃልሲ ዘመን ብደምን መስዋእቲን ዜጋታት ዝተሃንጸ ታሪኻዊ ክውንነት እዩ።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ዝኸኣለ እምበኣር፡ ደምር ናይ ስሙርን ንጡፍን ተሳትፎ ህዝብን እዚ ናብ ጽዓት ዝለወጠ ቅኑዕ ሕንጻጽ ውድብን እዩ። ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ህዝብን ከም ሓደ ኣካል ኰይኖም ብምቅላሶም እዩ። እቲ ውድብ እውን ካብ ፈለማኡ እምነቱ ኣብ ህዝቢ ገይሩ እዩ ተበጊሱ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ድሕሪ'ቲ ብሱኣእምሮ ይኹን ብኩናት ክሰገር ዘበርዮ መሪር ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ - ኣዝዩም ፈተንቲ ወራራት ክምክት ዝኸኣለ፡ ብዝተኸተሎ ናይ ቃልሲ ኣገባብ እዩ። ኣብ ዕድመኡ ድማ፡ ዋላ ኑዩም ዘይኣምኑ ወይ ክኣምኑ ዘይደለዩ፡ ብመኸተኡን ውርጹጽ ሕንጻጻቱን፡ ናጽነት ኤርትራ ግሁድ ከም ዝኑበሮ ከም ዝስቶርም እናገበረ እዩ መጺኡ። ከም ሻድሻይ ወራር፡ ሰላሕታን ዝኣመሰሉን ከበድቲ ወራራትን ምክልኻልን ድማ፡ ንብቕዓቱን ጽንዓቱን ዝመስከሩ እየም ዝበሩ።

ብሕልፊ ብዮማይ ግንባር ናቕፋ ጀሚሩ ኣፍዓበት ምስ ተቖጻጸረ፡ ኣብ እንደገና ሰለስተ ዓመት፡ ካብ ትጸቢት ብዙሓት ተንተንቲ ወጺኢ ንባጽዕ ካብ ጸላኢ መዝዚዑ ኣብ ኣንፈ ጊንዳዕ ምስ ዓረደ፡ ቃናታት ተንተንቲ ማዕከናት ዜናን ተቐይሩ እዩ። ንኹሉ ግምጋታትን ትንታኔታትን ብቐልጽሙ ቀይሩዎ። ስለ'ዚ ድማ እቲ ወህለል ናይ ቃልሲ ተመክሮ ዝፈጠሮ ተወሳኺ ብቕዓት፡ ንተሰፋ ናጽነት መሊሱ ኣደሚቑዎ።

ስርዓት ደርግ'ውን ካብ ናይ ፈለማ መትከሉ ጋእ ኢሉ ሕድገታት ብምግባር፡ ንሰላማዊ ፍታሕ ቅሩብ ክኸውን ተደሪኹ እዩ። እንተኾነ ኹሉ ህዝባዊ ግንባር ደው ኣብ ዘይበለሉ ናህሩ ብምንባሩ፡ ቅድሚ ሰላማዊ ፍታሕ፡ ሰላም ኤርትራ ቀዲሙ። ሓይሊ መግዛእቲ ካብ ምሉእ ኤርትራ ተጸሪጉ። ካብ ባሕቲ መስከረም ክሳብ ግንቦት 24፡ ጋዕ-ገልጠሙ እናኣለየን መንገዱ እናኣጽፈፈን ዝቐጸለ ውድብ ህዝባዊ ግንባር እምበኣር፡ ዝወፈረሉ ቀዳማይ ዕላማ ዛዚሙ፡ ክፍሉ-ሃገር ኤርትራ፡ ሉኣላዊነታ ናብ ዝወነኑት ሃገረ ኤርትራ ተቐይሩ። ሕልሚ ግዝኣት ንሓዋሩ በኒኑ፡ መደባት ደገፍቲ እውን ተብዚኑ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ ንጸላኣቲ ኣሕሊፉ ምእንቲ ከይሁብ፡ ጉልበቱ፡ ንዋቱ፡ ግዜኡ. . . ወፍዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ርእዩ ዘይጸገቦም ዕንባብ ደቁ ከፊሉ - ነጻነቱ ጨቢጡ።

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## እምበር ዶ ክድቅስ'የ....

*18 መጋቢት 2024*

*10:10 ድ.ቐ.*

- ኣስመራ -

ምስ ረኣኹዋ ኣብኡ እንከለኹ ፈትየያ። ንኣዕሩኽተይ "ኣቱም ሰባት! ጌጋ ይኽእልኣለይ እምበር ኣፍቂረ ኣለኹ መሰለኒ፡" እናበልኩ ንነዊሕ ግዜ ኣረብራብየዮም።

"ሕራይ ግርም! መን'ያ?" ይብሉኒ። ኣነ ኸኣ ነብሰይ ግዲ ምእማን ስኢነያ፡ መን ምዃና ኣይነግሮምን። በቲ ዝሰምዓኒ ዝነበረ ስምዒት ምትእምማን ስኢነ። ኣነ ኰነ ኣዕሩኽተይ ኣብ ቅድሚ ኣዋልድ ደፋራት ኣይኰንናን። መን ምዃና ዘይምንጋረይ መስሓቒኦም ኰይኑ። "ኣየይ! ናብራናዶ ጠፊኡና!" ይብሉኒ።

ትፍቶ ቈልዓ እያ። መገድና ብሓደ እዩ። ሰዓታትና'ውን ከምኡ። ብውሽጠይ ሓደ ኒሕ ሒዘ። በዛ ኳል ምስ ኣዕሩኽተይ ከይዛረብ ወሲነ። እታ ዝገብራ ባዕለይ ገይረ፡ ውጽኢት ጥራይ ክነግሮም ሓሲበ።

ብዙሕ ግዜ ስለ ዝተረኣኣና ሰላም እንተ በልኩዋ ዘኽፍኣለይ ኣይመሰለንን። ክሳዕ ኣውቶቡስ ንጽበ ሰላም ኢለ ከዕልላ መዲበ። ከምኡ ወሲነ ዝተሳእኩለን ንግሆታት ኣደኣን ትቐጸረን። ኰይኑ ኸኣ ሓደ ንግሆ ካብ ገዛ ወጺአ ናብ ፌርማታና እንተ ኣማዕደኹ፡ ኣውቶቡስ ደው ኢላ። ብዘይ ልበይ ከርክባ ጉይየ። ኣብኣ ክበጽሕ ገዲፋትኒ ከይዳ። ናርዶስ ከኣ ብመንጽረይ ትጕዩይ ነይራ። ንሳ ምዃና ኣየስተውዓልኩላን ነይረ። ክልተና ጥራይ ኣብታ ፌርማታ ተሪፍና። ፈኸራይ ዘተግብረላ ጽብቕቲ ኣጋጣሚ'ያ ነይራ። ግን መዓንጣ ካበይ ትምጻእ። ኣብ ክልተ ጫፍ ናይቲ መጸበየ ኮፍ ኢልና ንጽበ። ድሕሪኡ ዘላ ኣውቶቡስ ኣይደንጕየትን መጺኣትና። ቍሩብ ሰብ ስለ ዝተዋህለለ፡ ኣብ ድሕሪት ዝርከብ ላዕለዋይ ኮፍ መበሊ መታን ኮፍ ክንብል ቀዲምና ተሰቒልና። እታ ኣውቶቡስ ናይ ፈለማ እግራ እዩ። ናርዶስ ቀዲማትኒ ስለ ዝኣተወት ሚእቲ ናቕፋ ኣውጺኣ ትህባ። "እዋይ እዛ ፈተሪና ሸሩፍ የብለይ እባ ተትብላ፡" እናበልኩ፡ "ኣቲ ሸሩፍ ደኣ ክረኽበልኪ ድየ! ሕጂ'ንዲና ንጅምር ዘለና፡" በለታ። ክልተ ናቕፋ ኣውጺኣ "ካብዚ ውሰዲ ድሓን፡" ኢለ ሃብኩዋ። ኣመስጊና ቀዲማትኒ ኮፍ በለት። ኣነ ኸኣ ደድሕሬኣ ሰዒበ ኣብ ጐድና ኮፍ በልኩ።

"ኣሸጊረካዶ ኣጋጣሚ'ንድዩ ሸሩፍ ዘይጸንሓኒ፡" ኢላ ዕላል



ጀሚራ። ኣብ ኣእምሮይ ሓንቲ ሓረግ መጺኣትኒ፡ "First impression is lasting!" ሎሚ ዓንደ ክኸውን ከም ዘይብለይ ነብሰይ እናኣዘኻኸርኩ ጽቡቕ ኣዕሊልና። "እሞ ቅርሺኻ ደኣ መዓስ ክህበካ። ብሓደ ንውረድ'ሞ ኣሽሪፈ ክበካ፡" ኢላትኒ። ዋዛ'ዩ! ስሒቕና። ኣበይ ከም ትወርድ ሓቲተያ፡ መውረዲና ብሓደ ኰይኑ፣ ስርሓ ሓቲተያ፡ ስርሐይ ስርሓን ጥቓ ንጥቓ ኰይኑ፣ በቃ! ኵሉ ኣምላኽ ባዕሉ ኣቕኒዑዎ ኣሎ።

"እሞ ኣብታ ናይ ሻሂ ሰዓትሲ ብሓደ ሻሂ ክንሰቲ ንኽእል ኢና?" ሓቲተያ። ተሰማሚዕና ተለፎን ተለዋዊጥና። ጽቡቕ ሃዋህው ዘለዎ ዕላል ስለ ዝነበረና፡ ነቲ ሰዓት ዓሰርተ ብሓደ ክንወጽእ ዝሓሰብና ደስ እናበለና ከም ንገብሮ ተኣማሚነ ነይረ። ድሮ በዛ ኣጋጣሚ ሞራላይ ላዕሊ በጺሑ ነይሩ። ኣብ ሲቲፓርክ ኮፍ ኢልና። ከይተፈለጠና ፍርቂ ሰዓት ጌርና። ነናብ ስራሕና ተመሊስና። ንሳ ሕጂ'ያ ስራሕ ጀሚራ። ኣብ መጀመርታ ናይ ስራሕ ግዜኻ ሓለፍትኻ ኣባኻ ዝህሉዎም ነባሪ ስእሊ ትፈጥረሉ መገዲ፡ ክልተ ሰለስተ ሞቝሸሽ ሃብኩዋ። እምበርከ ኣነ ዝኸሰርኩዎ ዕድል ክሳዕ ሕጂ ኣይርሰዖን እየ። ካብታ ንእሽተይ ተመኩሮይ ክትክሰበሉ ደልየያ።

ኣብታ መጀመርታ ሰሙን ኣብ ሳልስቲ፡ ኣብታ ዝሰዓበት ከኣ መዓልታዊ ኰይኑ። ሓንቲ ምሸት ምስ እዞም ኣዕሩኽተይ ሻሂ ንሰቲ ኔርና። ምስታ ናይ መወዳእታ ኣውቶቡስ ግድን ክኸይድ ምዃነይ ነጊረዮም ደስ ኣይበሎምን ነይሩ። ጽቡቕ ሕክያ ስለ ዝሓዝና፡ "በጃኻ ዋላ ብሓደ ንሕደር፡" ኢሎሙኒ ኣብየ'የ። ኣብ መንጎ ዕላልና ተለፎን ተደዊሉ፣ ናርዶስ'ያ።

"ሃይ! ናርዶስ፡" ኢለያ። ኣዕሩኽተይ ዓው ኢሎም "ጠፋእና!" በሉ ስሓቕ ሓዊሶም። ስማ ሰሚዖማ ኣይፈልጡን እዮም።

"ኣበይ ኣለኻ ደኣ?" ምስ በለትኒ፡ ከተማ ምስ ኣዕሩኽተይ ሻሂ ይሰቲ ከም ዘለኹ ነገርኩዋ። "እሞ ንእሽተይ ስራሕ ነይራትኒ፡ ከተምሲ እንተ ኼንካስ ብሓደ ክንከይድ ደልየ፡" ትብለኒ።

"ሕራይ ኣለኹ፡ ምስ ወዳእኪ ሚስ-ኮል ግበርለይ፡" ኣይተወላወልኩን። ገዛውትና ምሸት ኣዝዩ ጽምዋ እዩ። ከፋንዋ ከም ዝደለየት ዘረባ ኣይደለኹሉን። ኣዕሩኽተይ ሰሓቖም ምዕጋት ኣብዩዎም። ከምዛ ክልመን ዘይጸናሕኩ ግልብጥ ኢለ። ንዓይ'ውን ኣስሒቐኒ። ኣነ ዕላልና ንቐጽል ክብል፡ ንሳቶም ከኣ "መን'ያ" ክብሉ ተረባረብና። መን ምዃና ክነግሮም ኣይደለኹን። ግን ዳሕራይ ክርእዩዋ ከም ዝኽእሉ ነጊረ ኣዕረፍኩዎም። ዕላልና ቀጺልና ጽቡቕ ኣምሰና።

ናርዶስ ስርሓ ምስ ወደኣት ደዊላትለይ። ኵላትና ኬድናያ። ሰላም በሊዮም ምስ በልኩዋ፡ ሓደሽቲ ተሰሚያም ዘይፈልጡ ምርቓ እናተቐባበሉ ክምርቑዋ ጀሚሮም። እቲ ምስ መረቐ እቲ ይቕበሎ፣ ከምኣ እናገበሩ ሰለስተ ምርቓ መሪቐማ። ኵሉ ጥዑይ ምርቓ እንከሎ፡ ተሰሚዑ ስለ ዘይፈልጥ የስሕቐካ'ዩ። ናርዶስ መጀመርታ ሰሓቓ ክትዓብሶ ትፍትን ነይራ። ምስ በዚሐ ግን ኣይከኣለትን። ኣዕሩኽተይ ስለ ዘስሓቐዋ ኣዝዩ ደስ ኢሉኒ። ጽባሕ ከተዕልሎም ከም እትደሊ ርግጸኛ እየ። "ኣብ ዘይናትክንሲ'ባ ከበሮ ኢኽን ትወቕዓ፡" በልኩዎም ብውሽጠይ።

"እንታይ ስለ ዝገበርኩ ደኣ'ሉ እዚ ኵሉ ምረቓ?" ምስ በልቶም ዝመረቐዋ ምረቓ መርገም መሲላታ።

"ድሓን! ስኮባ ላኻ ዘልኣለም የጽልለኪ!" ኢሎማ።

"እዚኣስ መርገም'ያ፡" ኢላቶም።

ኣይተረደኣን እምበር እቲ ስኮባ ኣነ'የ። ጨጕረይ ኣዝዩ ነዊሑን ጕቲኑን ስለ ዘሎ'ዩ። እቲ በትሪ ኸኣ እዚ ቀጢን ነብሰይ ምዃኑ'ዩ። "ዘልኣለም ምስኡ ትነብሪ ይግበርኪ'ዩም!" ኢሎማ።

ምስ ተፈላለና ነዛ ናይ መወዳእታ ምረቓ ከም መጕሱዕ ከተመላልሳ ኣምሲያ። "ቍንቍኛ ኣለዋ ደሓን!" ኢለያ። ክነግራ ምስ ለመንትኒ፡ ነጊረያ። ስሒቓ!። ጽቡቕ መእተዊ ስለ ዝረኸብኩ ኣርእስቲ ክቕይር ኣይደለኹን።

"ይህወኽ ደኣ ከይህሉ'ምበር፡ ኣነ'ውን ንሱ'ዩ ድልየተይ!" ምስ እንቅዓ ትንፋስ ኣውጺኣያ። ደው ኢላ ጠሚታትኒ። ክትሓፍር ተጸብየያ ነይረ። ንሳ ግን ዓይኒ-ዓይነይ እናረኣየት ኣረብሪባትኒ። ብዓይነይ ኣቢላ ልበይ ግዲ ትርእያ ነይራ፡ ኣሕፊራትኒ። "ሓቅኻ ኢኻ። ንህወኽ ከይንህሉ'ምበር ኣነ'ውን ከምኡ እሓስብ'የ፡" ኢላትኒ መንኩባ ንላዕሊ ሰቢስባ እናደርበየቶ። እዛ ሕቶ ሎሚ ክትመጽእ ኣይተጸበየታን። ኣነ ኣንቋዕሪረ ንኣምላኸይ ኣመሲጊነ። ኢደይ ሰዲደላ። ኢዳ ሒዘ ኸኣ መገድና ጀሚረዮ። "እዚ ድልየት ክልቴና ካብ ኰነ ናይ ታህዋኽና ዘኻቕል ኣይኰነን። ክሳብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ክንህቦ ንኽእል ኢና። ከም ዘይተሓተትና ውሰድዮ፡" ኢለያ፣ ርእሳ ነቕኒቓትለይ። ገዛኣም በጺሕና። ብኸመይ ከም ዝሰናበታ ሓርቢቱኒ ነይሩ። ክስዕማዶ ኢለ ሓሲበ፣ ታህዋኽ እዩ። ናይ ጽባሕ መደብና ተነጋጊርና። ኣብ ባስ እንተ ዘይተራኺብና ሰዓት ዓሰርተ ኣብ ሲቲ ፓርክ ክንራኸብ ተሰማሚዕና ተፈላሊና። ቍሩብ ምስ ከድኩ፡ "ገዛ ምስ ኣተኻ ግድን ሚስ-ኮል ግበረለይ!" ኢላትኒ። ተወዲኣ ኣላ ነገር!

ፊሊፖ - ዓዲጓዕዳድ

## እቲ ማዕዶ ብሃተፍተፍ...!

*25 ሓምለ 2022 - 1:30 ድ.ቐ.*

ብጃማይ ክቕይር ኢለ'የ መደቀሲ ክፍሊ ኣትየ። ጫማይ ከውጽእ ኣብ ዓራት ኮፍ ምስ በልኩ ኣይተመለስኩን። ነዛ ብጃማይ'ኳ ከይቀየርኩ ኣብዛ ዓራት ከረው ኢለ ደቂሰ። ክድቅስ ኣይሓሰብኩን። ክንደይ ሰዓታት ከም ዝደቀስኩ ኣይተረድኣንን። ኣሕዋተይ ናብኡ ምስ መጽኡ'የ ተበራቢረ። ከምዚ ዓይነት ድቃስ ካብ ዘይረክብ ውሑድ ኣይገብርኩን። ከይፈተኹ ግን ተንሲአ። ብጃማይ ቀዪረ ክድቅስ እንተ ፈተንኩ ግን ወይከ! ኣዒንተይ ዕምት እንከብለን ዘይዓቕመይን ዘይፈልጦን ሓሳባት ይመጽኣኒ። በቃ ከምዚ ሃተፍተፍ። ኣብዚ ሃተፍተፈይ ኵሉ'ዩ ዝከኣል። ዘይተኣደኒ ሃብቲ ክውንን እንተ ደልየ፡ ክኸውን እኽእል'የ። ኣብ ስፓርት ንፋዕ ዓላማይ ክኸውን ብዙሕ ግዜ ትመላለስ ሃተፍተፍ እያ። ዝመጻእኩዎ ጉዕዞ ህይወተይ ነዚ መገዲ ዝኸፍት ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ግን መን ይፈልጥ እቲ ባህጊ ልበይ ንሱ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዋላ ንዝተፈጸመ ነገር ከም ብሓድሽ መሊሰ ከዐርዮ እኽእል'የ። ግብራዊት ዘይኰነት "ታይም ማሽን" እያ። ሓደ ሓሳብ ከይወዳእኩ ናብ ካልእ እሰግር። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ናይ ዘይጥዕና ምኽንኡ፡ ውሽጠይ ይነግረኒ'ሞ ክገድፎ እፍትን። ዓይነይ ቋሕ እንከብሎ፡ ናብዛ ህያው ትጭበጥ ዓለም እምለስ። ሰም እንከብሎ ከኣ ቅድድም ናይ ሓሳባት ይኸውን። ማዕረ-ማዕሪኡ ኸኣ ርእሰይ ከሕመኒ ይጅምር።

"እንታይ'የ ዝኸውን ዘለኹ?" ኢለ ኸኣ ንነብሰይ እሓታ። ኣብ መታልሒይ ዘሎ መትኒታት ድዩ ሻንቢቆ ደም ከቓንዝወኒ ይጅምር። እዛ ተቓንዝወኒ መትኒ ወይ ሰራውር ደም ካብ ኵርናዕ ግንባረይ ክሳብ ጐንዲ እዝነይ ትወርድ ኰይና፡ ብኢደይ ክድህስሳ ይኽእል። ኣፍኩሰ እንክደርዛ ንግዜኡ ትፎኹሰኒ። ተመሊሳ ድማ ተቓንዝወኒ። ብፍላይ ናብ ሃተፍተፍ ክኣቱ እንከለኹ ቅሉው ተብለኒ። "ሕማም ርእሲዶ ይኸውን?" እብል። ጸኒሐ ኸኣ "ገለዶ ጸቕጢ ኣለኒ ኰይኑ?" እብል። ገንዘብ ትብሃል ኣይረኸብኩን ቀንየ። ናይ ኣውቶቡስ'ውን ብገለ እናረኸብኩ'የ ክሳለ ጸኒሐ።



በቲ ኸኣ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ወሲደ ሰሙን ምስ ኣደይ ቀኒ ይመጽኒ ኣሎ። ክሳብ ረቡዕ ግድን ክስራሕ ዘለዎ ስራሕ ኸኣ ኣለኒ። ቀጥ-ቂጥካ ዝስራሕ ኣይኰነን፣ ሓሲብካን ኣንቢብካን ዝስራሕ እዩ። ከየዕረፍኩ ክመጽኣኒ እንከሎ ኣዝዩ'ዩ ቅጭ ዘምጽኣለይ። ኵሉ ተደማሚሩ'ውን ኣብ ወጥሪ ኣእትዩኒ ይህሉ ይኸውን።

ካብ ኣብ ዓራተይ ኰይነ ምቕንዛው ምትንሳእ መሪጸ። ዘወር እናበልኩ ንፋስ ተሃሪመ ክምለስ ሓሲበ። ድሮ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ክኸውን ዝተረፎ የብሉን። ኣብዚ ጽምዋ በይነይ እንተ ሃልየ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝሓስብ ኣየፍልጥን፣ ግን ሃተፍተፍ ዘይተርፍ እዩ። ምስኡ ኸኣ ቃንዛ ክህሉ'ዩ። ኣይትድከም ኢሉኒ ግን ቀደም ኣብ ዓምዲ ሕብራዊት ብርዒ ዘንበብኩወን ዓንቀጻት ዘኪረ፣ "ምጽሓፍ ከም ሜላ ፍወሳ"...። ትኽ ኢለ ኸኣ ናብ ዳየረይ መጺአ። እንታይ ክጽሕፍ ኣለኒ ኢለ ኣይሓሰብኩን፡ እንታይ ከዕልላ'የ ኣይበልኩን፡ ስቕ ኢለ እንተ ጽሒፈ ክፍወስ እኽእል'የ። ፈውሲ ኣይኰነን ካልእ ክትኰንለይ ከም ትኽእሊ እፈልጥ'የ ዳየረይ።

ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኸታ ኰይኑ። ኣርባዕተ ዓመት ምሉእ ኵዕሶ እግሪ ኣይተጻወትኩን። ትማሊ ሰንበት ኣዕሩኽተይ ንኽጻወት ወሲዶሙኒ። ኣይብላዕ ኣይስተ ኰይነ። ካብ ክሳደይ ክሳብ ጽፍሪ እግረይ "ስትራባ" ተታሒዘ። ሓንከስከስ እናበልኩ'የ ዝኸይድ ዘለኹ። ድኻመይ ክወጽኣለይ ኣይከኣለን ዘሎ። በሊዕካ ምድቃስ ጥራይ ጥዕና ኣይኰነን። በዛ ሓንቲ ሰዓት ዝጕየኹዋ ከምዚ ዝኾንኩስ፡ ዳሕራይ እንታይ ክኸውን እየ። ምንቅስቓስ ክጅምር ኣለኒ። ከምዚ ኢልካ ዘዋጽእ ኣይኰነን።

ጃምቦ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ነጥበ መቐይሮ

ሳልሳይ ክፋል

*“ዝልኸ እንተ ዘይኣፍቂርካ ዋላ ሓደ ሰብ ንሰላም ኣእምሮኻ ክዘርጎ ዝኽእል የለን።” - ሮይ ቤኔት*

*“ብፍርሒ፡ ሕርቃን ወይ ትዕቢት ትደፋእ እንተ ኼንካ ተፈጥሮ ክትቃጸዓካ ኢያ። ብትብዓት፡ ንቕሓት፡ ሀድኣትን ሰላምን ትምራሕ እንተ ኼንካ ተፈጥሮ ክተገልግለካ ኢያ።” - ኣሚት ረይ*

ኣብ እዛ ዓለም ካብ ዝነብር ህዝቢ፡ እቲ ዝበዝሐ ደላዪ ሰላም ምዃኑ እዩም ብርክት ዝበሉ መጽናዕትታት ዘረጋግጹ። ክንዲ ዝኾነ እዩም ከኣ ሰባት ኣብ መንገዲ ክራኸቡ እንከለዉ፡ “ሰላም ወይ ሰላም ንዓኻ ይኹን።” ተበሃሂሎም ዝተሓላለፉ።

እዚ ካብ ባህጊ ውሽጣዊ ሰላም (inner peace) ዝፍልፍል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ኩሎም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ባህታታት ሰለል ኣብሉም ናብ ሰላም ኣእምሮ ዝወስዱ መንገድታት እዮም።

እቲ ናይ ብሓቂ ሰላም ክንጽ ከናት ዘይምህላው ዝሞገር እዩ። ግደ ሓቂ፡ ሰላም ኣእምሮ ካብ ጸግዕተኛነት ግዳማውያን ኩነታት ሓራ እዩ። ዓለም ኣብ ሕንፍሽፍሽ ክትህሉ ትኽእል ኢያ። የግዳስ ሓደ ዓቢ ሰብ ምስ ገዛእ ርእሱ ሰላም ክህሉ ይኽእል እዩ። ብኣንጻሩ እውን ሓቂ ዘይከውን ምኽንያት የለን። እወ ዓለም ብዓለማ ሰላም እናሃለወት፡ ሓደ ድኹም ሰብ ንበይኑ ምስ ገዛእ ርእሱ ብዋርጭት ክሕመስ ይኽእል።

“ውሽጣዊ ሰላም እንታይ እዩ?” ኢልና ንገዛእ ርእስና ሓቲትናያ ንፈልጥዶ ኾንና? ንፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ ወይ ኣብ ካልእ ግዜ፡ ውሽጣዊ ግርጭት የጋጥሞ እዩ። እዚ ዝያዳ ጉልሑ ዝርአ ሞራላዊ ውሳነ ክንወስድ ኣብ እንሽግረሉ እዋን እዩ። ዝዓበየ ሞራላዊ ውሳነ ብዝጋጠመና መጠን፡ ዝዓበየ ውሽጣዊ ግርጭት የጋጥመና።

ምንጪ እዚ ‘ውግእ’፡ እቲ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻረርቲ ‘ተፈጥሮታት ደቂ ሰብ’ ማለት ኣብ መንጎ ኣካልን ሩሕን እዩ። እቲ ኣካል ዝበሃል ናብ ግዜያዊ ምቾትን ስምዒታዊ ባህታን ገጹ ይስሕብ፡ እቲ ኣካል ክሓልም፡ ከቋርጽ፡ ናብ ሓያል ተመስጦ ክጥሕል፡ ንዝገራት ከወንዝፍ፡ ... እዩ ዝብህግ።

እቲ ኣካል፡ “ገለ መንገዲ ሃበ፡ ኣማሙቐኒ፡ መተርኣሰ ኣጣጥሓለይ፡ ...። ምቾት ዘለዎ ህይወት ከስተማቕር እየ ዝደሊ።” በሃሊ እዩ።

እቲ ሩሕ ብመንጽሩ - ትርጉም ህይወት፡ ዓወት፡ ዘልኣለማውነት፡ ብርቃነት፡ ክውንነት፡ ሓቂ ...።” እዩ ዝብህግ።

እዞም ክልተ ሓይልታት ንሓድሕዶም እንተ ተረጻሙ እምበኣር፡ ኩሉ ዘርም ክኾውን ኣይክእልን እዩ። ንሕና ሓያላት ክንከውን ንደሊ ኢና። የግዳስ ጸጊሕና ብቐሊሉ ሓሽም ኢልና እንነብር ተኻቀፍቲ ፍጡራት ዝኾንና ኩይኑ ይሰምዓና። ንሕና ብርቂ ሰባት ክንከውን ንደሊ። የግዳስ ነቲ ብርቂ ኣብ ምዃን ክሕግዘና ዝኽእል ጻዕሪ ክንሓልፎ ኣይንደልን። ንሕና ዘይጸግዕተኛታት ሰባት ክንከውን ንደሊ ኢና። የግዳስ ልክዕ ከም እንሽሓጥ ዘለና ኩይኑ ይሰምዓና።

እዚ ግርጭት ዋላ ንዓና ኣይፈለጠና፡ ኣብ ውሽጥና ከም ሕሰም እዩ ዝጠምዓና። ሰላም ዝመጽእ እምበኣር፡ እዚ ውሽጣዊ ግርጭትና ክንፈትሖ ምስ እንኽእል እዩ። ንሽኻ ብርቂ ሰብ ክትከውን ዲኻ እትደሊ. ዋላስ ተራ ሰብ ክትከውን ኢኻ እትደሊ? እሞ ሃዋ ተበራበር!

ሰላም ዝረጋገጽ፡ ሩሕና ኣብ ልዕሊ ኣካልና ክዕወት እንከሎ ምዃኑ ከቕልበሉ ግቡእ እዩ። ሊቃውንቲ፡ “ቅኑዓት ሰባት ንኣካላዊ ባህጎም ይዛረብዎ። እኪያት ሰባት ግዱ ባህጎም ተመሊሱ ንዕኦም ክዛረቦም የፍቕዱ።” ይብሉና።

እቲ ቐንዲ ሕቶ፡ “ንዓኻ መን እዩ ዝኣልየካ ዘሎ? ንሽኻ እንታይ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ዝመርሓካ መን እዩ?” ዝብል እዩ።

ትስፍህተኛታት (hedonists) ዝበሃሉ ከም ዘለዉ ሰሚዕኩምዶ ትፈልጡ? ከም እዚኦም ዓይነት ፈላስፋታት፡ ኣብ ህይወት ደስታ ወይ ታሕጓስ ጥራይ እዩ ቀንዲ ጸቡቕ ነገር ዝብል ኣስተምህሮ እዮም ዝህቡ። ክንዲ ዝኾኑ ንሱየም ንህጊ ኣካልና ኣድና ክንህብ ከም ዘለና ክመኽሩና ይፍትኑ። እወ ንቃሕታ ኣካልና ሰጥ ለጥ ኢልና ክንምእዘዞ ከም ዘለና ይምህሩና።

የግዳስ ሀሩፍ ባህታ ንዋዒሕ እዋን ምሳኻ ኣይቅጽልን እዩ። ብዙሕ ግዜ ኸሞግኑ ጸኒሑ መሪር ሳዕቤን ጉዲፉልካ እዩ ዝሐልፍ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ንባህግታት ኣካልካ ክትንበርከኽ እንከለኻ - ሕርቃንካ ምቁጽጻር ክትስእን እንከለኻ፡ ንሰለ እምንኖኻ ደው ካብ ምባል ክትፈሽል እንከለኻ ወይ ንህርፋንካ ሰዩም ክትብል እንከለኻ – እቲ ጸቡቕ ስምዒት ንሓጺር ግዜ ጥራይ እዩ ኣብ ውሽጥኻ ዝጸንሕ። ኣብ መጠረሽታ፡ ግዳይ ቀዛዝት ትኾውን ጥራይ ዘይኮንካ፡ ምስ ገዛእ ርእስኻ ምብኣስ እውን ኢኻ እትጅምር።

ርእሰ ክብሪ – እቲ እኹል ናይ ብሓቂ ሰላም – ምስ ሩሕ ጸግዒ ብምሓዝ እዩ ዝመጽእ።

እሞኸ እቲ ሽቶ እንታይ እዩ? ንኣካላት ኑቲ ሩሕ ዘደልዮ ከም ዝብህጎ ምግባር እዩ። እቲ ምንታይሲ. ብድሌት ኣካል እናተገዛእካ ሰላም እትረኽበሉ መንገዲ ከቶ የለን። ሩሕካ ብቐሊሉ ኢዱ ዝህብ ኣይኮነን፡ ፍጹም!

የግዳስ ኣካል ኳ-ኳ ሩሕ ክኸይድ ይኽእል እዩ። ግደ ሓቂ፡ ካብ ቅልጡፍ ባህታ ርሒቕካ ምጉዓዝ ቀሩብ ይሃሲ. እዩ፡ የግዳስ ብዘይብእኡ ክንነብር ንኽእል ኢና።

ኣካል ምስ ሩሕ ክሳብ ኣለዎ ክበሃል እንከሎ፡ ንኣካልካ ከተሀንዎ ኣለካ ከሰምዕ የብሉን።

ድፍኣት ኣካል ክምገራሕ ዘለዎ እውታዊ ሓይሊ እዩ። እቲ ሜሉ ንትርጉም ህይወት ክንእልሽ እንከለና፡ ምእንቲ ጸዓትን ውዕወዕ ስምዒትን ክቕርብ ንኣካል ክንምህሮ ይግባእ። ኣካል እቲ ልዑል ተምሳጥ ዝርከበሉ ጥራይ ዘይኮኑ እቲ ሓይሊ ዝርከበሉ እውን እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ንተግባርካ ብኣካልን ብሩሕን ኣሰንዮ።

ኣዚ ንምግባር እዩ እምበኣር፡ ንኣካልካ ኣቓዲምካ ምስልጣን ዘድልየካ። ተጻዋርነት ናይ ኣካል ኣድላዪ ኩይኑ ክሰምዓካ እንከሎ፡ ምስኡ ተዛረብ፡ ኣቀባጥረሉ፡ ኣረጋግጸሉ!

ንፈለማ ግዜ ንዋዒሕ መንገዲ ክትጉዓዝ መደብካ ኢልካ እሸካ ሕሰብ። ንመደብካ ንምትግባር ክትጉዓዝ ክትጅምር እንከለኻ፡ ኣካልካ ብእኡ ንብኡ እዩ ክቃወመካ ዝጅምር። “ንገዛእ ርእሱ ብምህሳይ ናይ ምድሳት ቀለ (masochist) ተማዕበል ኣለኻ ...። ከምዚ እናበልና እንተ ገዳና፡ ጸገም ልቢ ኪጋጥመና እዩ ...። ካብ እዚ ንላዕሊ ክንገዩ ኣይንኽእልን ኢና ...። በቃ ደው ንበል!” እናበለ ኣካል ምኒን ክብል ይጅምር።

ጸኒዕ ኒሕ ጥራይ እዩ ንተቓውሞ ኣካል ክስዕሮ ዝኽእል። ኣብ መወዳእታ፡ ተማእዛዚ ከም ዝኾውን ይገብሮ። ብኸመይ? ንልዑል ክብሪ ቅርጻኻ ምሕላው፡ ክብደትካ ምንካይን ጥዑይ ምዃንን ከተረጋግጸሉ ብምኽኣል።

“እዚ እዩ ናይ ብሓቂ ዘድልየካ ... ክሳብ ክንደይ ጸቡቕ ከም ዝኾምዓካ ኣቓዲምካ ክትቀርጾ ፈትን ... ንሽኻ ክትክብር ኢኻ ... ነዊሕ መዋእል ክህልወካ እዩ።” እናበልካ ንኣካልካ ከተረጋግጸሉ ምኽኣል፡ ቀሊል ረብሓ ኣይኮነን ዘለዎ።

ድሕሪ ክልተ ወርሒ. ኑቲ ንኣካልካ ዘሎመድካዮ ጉያ እንተ ኣቋረጽካዮ፡ “እዋእ እንታይ ደኣ ኣጋጢሙ? ኑቲ ንጎርሖ ዝበርና ዘብዝብ እኮ ናፈቕዩ!” ክብለካ እዩ ባዕሉ።

እንታይ ከም ዘድልየካ ሕሰብ እሞ፡ ኑቲ ኣካልካ ዝበለካ ንጸጐ፡ ክሳብ ንቕልጡፍ ኣካል እትግዝኦ፡ ኑቲ ኪጋጥም ዝኽእል ተኽእሎ ብድሙቕ ኣገዚብ ሰኣሎ። ክሳብ ተቓውሞ ኣካል ተዳኺሙ መሻርኽቲ ሩሕ ንክኾውን ፍቓደኛ ዝኾውን ጻዕርኻ ኣይትቕረጽ። ልክዕ ከም እቲ ጉያ፡ እቲ ዝጀመርካዮ ጻዕሪ እውን ዝልኻዕ ክኾውን ኣለዎ። ንኣብነት፡ “ክሳብ ኣካለይ ምስ ሽቶይ ዝሰማማዕ ክንደይ ጉድጓድ ክፍሕር የድልየኒ?” ዝብል ሕቶ ከተልዕል ትኽእል ኢኻ። ምናልባት ንውሕ ዝበለ ግዜ ይወስደልካ ይኸውን። ምስ ግዜ ግዱ ንኽትቁጽጸሮ ዝቐለለ እዩ ዝኸውን።

ንዲሲፕሊን ተጠቐመሉ። ከዓት፡ ከዓት፡ ከዓት፡ ...። ኑቲ ዝለዓለ ሽቶኻ ክሳብ እትጭብጥ፡ ጻዕርኻ ከቶ ከይተቋርጽ። ኣብ መወዳእታ ንልዑል ተምሳጥ ኣካል፡ ኣብ ባህጊ ሩሕ ከም ዝውዕጥ ክትገብሮ ይግባእ።

ኣካል ብቐሊሉ ኢዱ ዝህብ ኣይኮነን። ክሳብ መጠረሽታ ብሓይሊ ክቃለሶ ይኽእል እዩ። ንሽኻ እውን ከቶ ተሰፋ ክትቁርጽ ኣይግባእን። ንኣካልካ ከም ድላዩ ክኸውን ሰቕ ኢልካ እንተ ፈኺኻዮ፡ ኣካልካ መትሓዚ. ዘይብሉ ፋሉል ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንሽኻ ኣብ ናይ ሞራል ውግእ እንተ ተሸሚምካ፡ ክልቲኦም ኣማራጺታት ብሞዕሪ ኣርዓድቲ እዮም ዝመስሉ። ኣየናይ ‘ደምጺ.’ ይዛረብ ከም ዘሎ፡ ብኸመይ ክትፈልጥ ትኽእል።

ወጽኢት ናይ ውሳኔ ምቾትን ቀሊልን እንተ ኾይኑ፡ ምናልባት ኣካልካ እዩ ዝዛረብ ዘሎ ማለት እዩ። ብመንጽሩ፡ እቲ ወጽኢት ዝያዳ ሕያውነትን ዓቕልን እንተ ኾይኑ፡ እቲ ዝዛረብ ዘሎ ሩሕካ እዩ።

እቲ ቐንዲ መፍትሒ ኣብ ሽቶታትካ ምድሃብ እዩ። ሩሕካ ናይ ብሓቂ እንታይ ከም ዝደሊ. እንተ ዘይተረዲእካ፡ ኣብ ቀጻሊ. ውግእ ክትሽመም ምዃንካ ከቶ ክትጠራጠር የብልካን።

ሩሕ ሕያዋይ ክኾውንን ንሰባት ክሕግዘን እዩ ዝደሊ። ካብቶም ኣብ ጥግረታት ሰላም ዝነብሩ ሰባት ተጠንቀቕ። ንሱየም ምናልባት፡ “ኣነ ኑቲ ቕኑዕ ነገር ክሰርሕ እየ ዝደሊ።” ክብሉኻ ይኽእሉ ይኾኑ። የግዳስ ንሱየም ብዙሓ እቲ ጉዳይ ኩፍ ኢሎም ንኽመያየጡ ምሕር ዓበድበድ ዝበሉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣካል ምቁጽጻሩ ኩዩክሰር ምሕር እዩ ዝፈርሕ።

እዮም ናይ ብሓቂ ናይ ሰራሕ ሰባት፡ “ሃየ ኣብ ሓደ ጣውላ ዓሲልና፡ ዝሓሸ ኣማራጺ. ንፍጠር።” እዮም ዝበሉ። ሩሕ ከቶ ኣይፈርሕን እዩ።

ሓደ ካብ እቶም ዝበለጹ መንገድታት ንኣካል ናብ መንፈሳዊ ትርጉም እትወስደሉ፡ ኣገዳሲ. ዕላማ ብምፍጣር እዩ።

ሓደ ሰብ ንህይወቱ ኣብ ክሊ. ዕላማኡ ከም እተደህበ ክገብራ ይግባእ። እዚ ካብ እንታይነት እቲ ሰብ ዝዓቢ. እዩ። ብኸምዚ. መንገዲ፡ ኣካል ንኸሰለንተናኡ ሰሒቡ ኣብ ኂ ሩሕ እዩ ዘስጥሞ። ንሰለ ሓደ እንኳምሎ ዕላማ ክንቃለስ እንከለና፡ ‘ግርጭት ኣካል-ሩሕ’ ዳርጋ ንእሉቱ እዩ ደው ዝበል። ንሕና ናብ ዝኾነ ርሕቀት ክንገዓዝ ፍቓደኛታት ኢና። እቲ ምንታይሲ፡ ደምጺ. ኣካል ኣብ ሓደ ከቢድ ዕላማ ተዋሒጡ እዩ ዘሎ።

በዚ. ምኽንያት እምበኣር እዮም፡ ኣብ መላእ ዓለምን ኣብ መላእ ታሪኽን ሰባት ንዝለዓለ ዕላማ ክበሉ ክሳብ ህይወቶም ምስዋእ ዝጸዓሑ።

ሰባት ንሰላምኦም ክበሉ ክቃለሱ እንከለዉ፡ ናይ ብሓቂ እንታይ እዮም ዝደልዩ ዘለዉ? ናይ መወዳእታ ድሌት ሩሕ እንታይ እዩ? እዚኦም እዮም ብዕምቈት ተመርሚርም ክምለሱ ዘለዎም ሕቶታት እዮም።

ሓንሳእ ንሽኻ ውሽጣዊ ሰላም ምስ ረኺብካ ኣብኡ ከተብቅዕ ኣይግባእን። ካልኦት ሰባት እውን ተመሳሳሊ. ዓወት ንኽጭብጡ ኣብ ምትሕግጋዝ ክትተግብ ኣለካ። በቲ ንሽኻ ንውሽጣዊ ግርጭትካ ዝፈታሕካሉ መንገዲ ንኽሓልፉ ብዘሎኣልካ ዓቕሚ ምርሓዮም።

ንዓቕሚ ዓርኩመሓዙትካ ብዘየገድስ ኣቕልበሉ። ብድሕሪ እዚ፡ ንሱየም ብርቂ ሰባት ንክኾኑ ሰፍሲፍካ ኣውጽኣዮም። ንሱየም ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒ. ንኽበጽሑ ልዑል ህንጡይነት ኣሕድር። “ንዓርኩ መሓዙተይ ምስ ናተይ ሩሕ ከም ዝራኸቡ እንተ ዘይተሓጋገዝዮም፡ ንዓለምም ውሽጣዊ ሓይሊ ከመይ ገይርም ክበርብርዎ ይኽእሉ? ንሱየም ምስ ገዛእ ርእሶም ብዘየገድስ እንተ ዘወሃሃዱ፡ ክሳብ ክንደይ ንላዕሊ ምስ በረሩ ይኸሉ? ንሱየም ካብ እዚ ሕጂ ዘለውዎ ንላዕሊ. ሕጉሳት እንተ ኾይኖም፡ ኣብ እቲ ንሱየም ዝምስርትዎ ዝምድና ክሳብ ክንደይ ብእወታ ክጽለዉ. ምኸኣሉ? ንሱየም ካብ እዚ ሕጂ ዘለውዎ ንላዕሊ. ዲሲፕሊን እንተ ዘማዕበሉ፡ ከመይ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ዓወታት ኩን መመዝገቡ?” እናበልካ ምስ ገዛእ ርእሰኻ ተዛዘብ።

ብርግጽ እታ እትሰዕብ ሕቶ፡ “ንሓደ ሰብ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሕ ብኸመይ ክትሕግዞ ትኽእል?” እትብል ኢያ።

ገለ ሰባት ብውሽጣዊ ግርጭት ሕራሕራይ ገይርም ስለ እተሓመሱ፡ ንኸኣታቶም ከም ዘለዎ ጸየርምን ተጸሚሞምን ክቐጽሉ እዮም ዝመርጹ። ንተራ ሰብ ምዃን እቲ እኹ ኣማራጺ. መንገዲ ገይሮም ይወስድዎ። ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምብጻሕ፡ ንኦም ‘ዓበይቲ ሰባት’ ጥራይ ዝምልከት ይመስሎም።

ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ካብ ህይወት ናይ ብሓቂ እንታይ ከም ዝደልዩ ከቶ ኣይማዝዘብዎን እዮም። ጃናይ ዝያዳ ኣብ ህይወቶም ክእልሹ ከም ዘለዎም ዘይፈልጡ እንተ ኾይኖም ከኣ፡ እቲ ናይ ምፍታን ድርኺቶም ከቶ ኣይነቓቓሕን እዩ።

ንዓርኩመሓዙትካ ናይ ገዛእ ርእሶም ሽቶ ንኽህልዎም ምሃሮም። ኣየኖት ሽቶታት ክቡራት ምዃኖም ዝያዳ ክቡራት ምዃኖም ኣፍሊጦም። “ንሽኻ ብሓቂ እንታይ ኢኻ ኣብ ህይወት እትደሊ? ተራ ሰብ ኴንካ ምንባር ናይ ብሓቂ ሓጎስ ይፈጥረልካ ደዩ? ዝደለኻዮም ነገራት እንተ ዘይተማለኣምልካ፡ ምስ ገዛእ ርእስኻ ሰላም ክትፈጥር ትኽእል ዲኻ? ...” ዝኣመሰሉ ሕቶታት ክትልቅበሎም ትኽእል ኢኻ።


ንኻልኦት ሰባት ክትድርኽ ወይ ከተነቓቕሕ እንተ ኽኢልካ፡ ከምኡ ምግባርካ ዝያዳ ሓያል ከርናዕ ጥዑብ ክህበካ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንኻልኦት ሰባት ሓያላት ኣብ ምግባር ብውድዓውነት ክንሰርሕ እንከለና፡ ባዕልና ኑቲ ሜላ ዝያዳ ብምምላኽ ዝያዳ ሓያላት ኢና እንኸውን።

ኣብ ርእሲ. እዚ፡ ንናይ ካልኦት ሰባት ዓቕሚ ዝያዳ ከተበራብር እንተ ኽኢልካ፡ ንሽኻ ንባዕልኻ ዓቢ. ሰብ ኢኻ እትኸውን። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ዝበለጸ ሓደ ሰብ ንኻልኦት ሰባት ከበርክቶ ዝኽእል፡ ሰላም ኣእምሮ እዩ። ክንዲ ዝኾኑ፡ ካብ እዛ ሰዓት ጀሚርካ ዚ. ክእለትካ ካብ ምክፋል ከቶ ኣይትተሓለል።

*“ሰላም ኣእምሮ ምፍጣር፡ ህይወት ንኽትውሕዝ ምፍቃድ እዩ፡ ስምዒታት ኣብ ውሽጦኻ ከም ዝውሕዙ ምፍቃድ እውን እዩ።” - ካሚል ራቪካንት*

*“ኣብ ውሽጥና ሰላም ክሰኣል እንተ ኽኢልና፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ሰላም ክሰኣል ንኽእል ኢና።” - በዋን ታፓሊያ*

*ይቕጽል*



# ጸጋታት ባሕሪ

## ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ጸጋታት ባሕሪን ሕብረተሰብን

ተስፋማርያም ኣረፈ

"ዓለማዊ ክሊማዊ ለውጢ" ክበሃል ከሎ፡ ካብ 20 ክፍለ ዘመን ዝጀመረ ምልውዋጥ ክሊማ ንምግላጽ ዝቐለለ ሓሳብ እዩ። ኣብዚ ግዜ ንዓለምና ኣብ ጥርዚ ስግኣት ኣብጺሕዋ ድማ ይርከብ። ክሊማዊ ለውጢ ብተፈጥሮ ክስዕብ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ እቲ ዝለዓለ ሚኢታዊትን ኣሰካፍን ግን ምስ ምዕባለ ዝመጽአ ብወዲ-ሰብ ዝስዕብ ዘሎ እዩ። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ዓለማዊ ክሊማዊ ለውጢ ብከለ ኣየር'ዩ። ኣብዚ ግዜ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትና ተፈጢሮም ናብ ህዋ ብምዕራግ ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾኑ ጋዛት ካርቦን-ዳይኦክሳይድ፡ ካርቦን-ሞኖክሳይድ፡ ሳልፈር፡ ሚተይን... ወዘተ ይጥቀሱ። እዞም ካብ ንብረት ንላዕሊ ዝፍጠሩ ዘለዉ ጋዛት፡ ኣብ ጠፈር ዓሪኖም ነቲ ንብረ ማስርሕ ናይ ጸሓይ ጨረራ ብምዕጋት፡ ልዑል መቐት ከም ዝፍጠር ይገብሩ። ብሰንኪ'ዚ ድማ ዘይንቡር ምልውዋጥ ንፋሳት፡ ዝናብ፡ ጠሊ፡ መቐትን ካልእን ክስዕብ ንዕዘቦ ኣለና።

### ምንጪ ብከለ ኣየር

ብከልቲ ጋዛት ካብ ንጥፈታት ሰብን ባህርያዊ ማስርሕን ዝምንጩዉ ኮይኖም፡ ብብዝሒም ዓይነቶምን ይፈላለዩ። ገለ ካብቶም ቀንዲ ምንጪ ብከለ ዝኾኑ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ፡ ሓይሊ ኤሌትሪክ፡ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት፡ ናይ ሞቶር ተሽከርከርቲ (መካይን፡ መራኽብ፡ ነፈርቲ)፡ ኬሚካላት፡ ንምስፋሕ ሕርሻ ዝግበር ምቅጻል ኣግራብ፡ ካብ ፈተካ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ዝወጽእ መርዛም ጋዛትን ካልእን ምጥቃስ ይከኣል።

ብተፈጥሮኣዊ ማስርሕ ዝፍጠሩ ንኣየር ዝብክሉ ድማ፡ ብበርቲዕ ንፋስ ካብ ውሑድ ኣግራብ ዘለዎ ቦታታት ዝፍጠር ደሮና፡ ካብ እንስሳታት ኣብ ግዜ ምሕቃቕ መግቢ ዝምንጩ ሚተይን ጋዝ፡ ካብ ከርሲ መሬት ዝምንጩ ናይ ዝመሻመሹ ኣትክልትን እንስሳታትን ጋዝ፡ ካብ ብባህሪ ዝኸሰቱ ባርዕ ሓዊን ትኪን፡ ካብ ብእሳተ-ጎመራ ዝፍጠሩ ሳልፈርን ሓሙኽሽትን ገለ ካብቶም ብዙሓት ምንጪታት እዮም።

### ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣብ ህይወታውያን ባሕሪ

1. ኣብ ህዋ ወይ ጠፈር ይኹን ኣብ መሬት ዘጋጥም ምልውዋጥ ክሊማ፡ ወይ'ውን ንሱ ዝጠንቆ ሳዕቤን ንባሕርን ገማግሙን ብቐጥታ ይጸልዎ። ኣብዚ ግዜ ኣሰካፊ ኮይኑ ዘሎ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ፡ ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ ፍጡራት ብሓፈሻ፡ ብፍሉይ ከኣ ምውሳኽ መቐት ዘይጻወሩ ህይወታውያን ከም ዕንባባታት ባሕሪ ኣብ ሓደጋ ደርቢቡ። ብዓለም ደረጃ ልዕሊ 30% ዕንባባታት ባሕሪ ክፀንተ ከሎ ልዕሊ 20% ከኣ ሓደጋ ዕንወት የንጸላልዎም ኣሎ። እዚ ዘጋጥም ዘሎ ተርእዮ ህጹጽ ምሕደራ እንተደኣ ዘይተገይሩሉ ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ዕንባባታት ባሕሪ ካብ 50% ክሳብ 60% ክፀንተ ተኽእሎ ከም ዘሎ ዝተገብሩ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ'ውን ካብ ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ጀሚሩ ሞት ዕንባባታት ባሕሪ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ዕንወት ዕንባባታት ባሕሪ ካልኦት ተወሳኺ ጽልዋታት'ኳ እንተሃለዎ፡ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ግን እቲ ዝለዓለ ጸላዊ ኩነት ይርከቦ። ዕንወት ዕንባባታት ባሕሪ ምስ ዘጋጥም ኣብኡ ዝነብሩ ዓሳታትን ካልኦት ህይወታውያንን መዕቆቢ፡ መመገቢ፡ ከምኡ'ውን መፋረዪ ስለ ዝስእኑ ንሓደጋ ምጽናት ይቃልዑ።

2. ምብዛሕ ካርቦንዳይኦክሳይድ ኣብ ህዋ፡ ልዑል ዓቐን ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ናብ ባሕሪ ከም ዝሕወስ ይገብር'ሞ፡ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ባሕሪ ይልወጥ። ኣብ ርእሲ'ዚ መቐት ኣብ ዝወሰኾሉ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ናብ ማይ ባሕሪ ናይ ምሕዋስ ተኽእሎኡ ይልዕል። ብብዝሒ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ምስ ማይ ባሕሪ ብምሕዋስ ደብሓሰ'ሞ ኣሲዳዊ ወይ ድማ ምጹት ትሕዝቶ ማይ ባሕሪ ይውሰኽ። እዚ ዘይንቡር ምውሳኽ ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ማይ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ህይወታውያን ባሕሪ ዓቢ ሃስያ የውርድ። ብፍላይ ከኣ ደጋዊ ኣካሎቶም ብኮልሸዮም ዝቖመ ህይወታውያን ባሕሪ እቶም ብቐዳምነት ግዳይ ዝኾኑ እዮም። ገለ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ግዳያት ምውሳኽ ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ማይ ባሕሪ፡ ዕንባባታት ባሕርን ብዙሓት ዓሌታት ድርዒውያን ዘይዓጽማት እንስሳታት ባሕርን ክኾኑ ከለዉ፡ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ምጉዳል ምርባሕ ህይወታውያን ባሕሪ ኣገዳሲ ልዑል ተራ ይጻወት። ብተወሳኺ ብዝሒ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ኣብ ባሕሪ ኣብ ህይወታውያን ባሕሪ ብህይወት ንኽቕጽሉ ልዑል ጸቕጢ ይፈጥረሎም።

3. ምቅይያር ንፋሳትን ምውሳኽ መቐትን፡ ንውሽጣውን ግዳማውን ምንቅስቓስ ማይ ባሕሪ ብምቕያር ፍርያምነት ባሕሪ ከም ዝጎድል ወይ'ውን ልዕሊ ዓቐን ከም ዝውሰኽ ይገብር። ፍርያምነት ባሕሪ ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ወሳኒ ተራ ዝጻወት ኮይኑ፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ምስ ዝጎድል ወይ'ውን ምስ ዝውሰኽ ኣብ'ቲ ስርዓት ምግዛብ ይፈጥር። ብሰንኪ እዚ ድማ ህይወታውያን ባሕሪ ዕብየቶምን ፍርያምነቶምን ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ናብ ምጉዳል ወይ'ውን ሓደጋ ምጽናት የንጸላልዎም።


4. ብዓለም ደረጃ ብራኽ ባሕሪ ካብ 20 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ካብ 10 ሲሜ ክሳብ 20 ሲሜ ከም ዝወሰኸ ዝግለጽ ኮይኑ፡ ኣብ 2100 ዓም ድማ ካብ 9 ሲሜ ክሳብ 88 ሲሜ ናይ ምውሳኽ ተኽእሎ ከምዘለዎ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ኑቶም ኣብ ክልተ ጫፋት ዋልታ ዝርከቡ ኣኻውሕ በረድ ብምምካኽ፡ ብራኽ ባሕሪ ብምውሳኽ፡ ንህይወታውያን ባሕሪ ኣብ ሓደጋ ከም ዘእቱ ይግለጽ። ንኣብነት ገለ ዕንባባታት ባሕርን ሳዕሪ ባሕርን ክነብሩሉ ዝኽእሉ ዕምቈት ድሩት ስለ ዝኾነ፡ ምውሳኽ ብራኽ ባሕሪ ንሞት የቃልዖም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እዞም ህይወታውያን ህላወኦም ኣብ ጸሓይ ብርሃን ስለዝምርኮሰ ዕምቈት ባሕሪ ኣብ ዝወሰኸሉ መጠን ጸሓይ ብርሃን ስለ ዝጎድሎ'ዩ። ብተወሳኺ ብራኽ ባሕሪ ኣብ ዝወሰኸሉ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ንዝርከብ ማይ ጥዑም ጨዋምነት ብምውሳኽ፡ ኣብ መጻሊ እንስሳታት፡ ኣትክልትን ወዲ ሰብን ከይውዕል ይገብር።

5. ክሊማዊ ለውጢ ምውሳኽ ወይ'ውን ምንካይ ጨዋምነት ማያት ባሕርን ውቅያኖሳትን ክኸትል ይኽእል። እዚ ክስተት ኣብ ምሉእ ዓለም ሓደ ዓይነት ጽልዋ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ንኣብነት ኣብ ትሮፒካዊ ከባቢ ልዑል ጨዋምነት ክኽሰት ከምዝኽእል ክገመት እንከሎ፡ ኣብ ደቡባውን ሰሜናዊ ዋልታን ግን ጨዋምነት ክጎድል ይኽእል። ስለዚ ኣብ ትሮፒካዊ ዝርከብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ሓዊሱ ጨዋምነቱ ክውሰኽ ከምዝኽእል ይግመት። ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ኣዝዩ ልዑል መቐት ብምህላው፡ ብዙሓ ምህፋፍ ማይ ዘኸትል ክኸውን ከሎ፡ ብተወሳኺ ኣብ'ዚ ከባቢ ትሑት ዝናብ ብምህላው - ናብ ባሕሪ ዝውሕዙ ሩባታት ብዘይ ምህላዎም ጨዋምነት ክውሰኽ እምበር ክጎድል ኣይክእልን። ቀይሕ ባሕሪ ሓውሲ ዕጹው ብምዃኑ፡ ምስ ህንዳዊ ውቅያኖስን ማእከላይ ባሕርን ድሩት ናይ ማይ ምትሕውዋስ ስለዘለዎ፡ ጨዋምነቱ ክቃጠን ኣይክእልን። እዚ ክስተት እናልዓለ ኣብ ዝኸደሉ ንፍሲ-ወከፍ ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ ህይወታውያን ይጸሉ፣ ምኽንያቱ ኩሉ ህይወታዊ ባሕሪ ክጻወሮ ዝኽእል ጨዋምነት ድሩት ስለ ዝኾነ። እዚ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ንሞት ዝቃልዑ ህይወታውያን፡ ዕብየቶም ዝድረት፡ ኣብ ምርባሕ ዝሰኣኑ፡ ካብ ዝነብሩሉ ከባቢ ዝስደዱ ክበዝሑ ከም ዝኽእሉ መጽናዕትታት የረድኡ።

### ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ተቐማጦ ገማግም ባሕርን ደሴታትን

ምቅይያር ኩነታት ኣየር፡ ማለት ምቅይያር መቐት፡ ዝናብ፡ ንፋሳትን ጠልን ኣብ ተቐማጦ ገማግም ባሕሪ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ቀይሕ ባሕርን ገማግሙን ብባህሪኡ ልዑል መቐት ስለዘለዎ፡ እዚ ኣብ ቀረባ እዋን ዘጋጥም ዘሎ ምምዝባል ወቕቲ፡ ዓቐንን ባህርን ዝናብ ኣዝዩ ኣሰካፊ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ድማ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ተቐማጦ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ማሕበራዊን ቁጠባውን ጽልዋታት ክኸትል ይኽእል።

ብዙሓት ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ዝነብሩ ኣህዛብ፡ መነባብሮኦም ኣብ ባሕሪ ዝተመርኮሰ እዩ። እዚ ማለት ካብ ባሕሪ ዝርከብ ጸጋታት ብምጥቃም ዕለታዊ ህይወቶም ይመርሑ። ገለ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብሩ ዋላ'ኳ ንጥፈታቶም ምስ ባሕሪ ዝተኣሳሰር ኣይኹኑ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ይነብሩ ክሳብ ዘለዉ ግን ኣብ ባሕሪ ዘጋጥም ጽልዋን ባሕሪ ከስዕቦ ዝኽእል ጽልዋታትን ንህይወቶም ወሳኒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብተወሳኺ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ኑቶም ኣብ ገማግም ዝነብሩ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ምሉእ ዓለም ኣብ ቁጠባ ዘለዎ ኣበርክቶ ኣቃሊልካ ዝርአ ስለ ዘይኮነ፡ ብባሕሪ ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ዘይጽለ ሰብ የለን ኢልካ ክድምደም ይከኣል። ባሕሪ ምንጪ ዝተፈላለዩ ጸጋታት እዩ (ንቁጠባ፡ ውሕስነት መግቢ፡ ሸቐለት፡ መጓዓዝያ...ወዘተ)። ኣብ ባሕሪ ብዘጋጥሙ ጸገማት ብቐዳምነት ዝሀስን ዝጽሎን ግን እቲ ምሉእ ብምሉእ ኣብኡ ዝምርኮስ ሕብረተሰብ እዩ። እዚ ክበሃል እንከሎ ነቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብር ሕብረተሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ንብረት ወጻኢ ማዕበላትን ንፋሳትን ኣብ ዝበርትዓሉ ድማ፡ ኣብ ባሕሪ ንዘወፈራ ጃላባ፡ ናውቲ መግፈፍን ገፈፍቲ ዓሳን ሓደጋ የውርድ። እዚ ዘወርድ ክሳራ ድማ ልዑል ማሕበራ-



ዕንባባታት ባሕሪ



ህንጻ ኣብ ገማግም ባሕሪ



ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾኑ ጋዛት

ኣብ ቁጠባን ካልእ ዓበይቲ ብድሆታትን ሃገራት ዘወርድ'ውን ምግንዛብ የድሊ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ ክሊማዊ ለውጢ ህላወን ዓሳታት ኣብ ሓደጋ ስለ ዘእቱ፡ ከምቲ ዝድለ ዓሳ ንኽይግፈፉ ይገብር፡ ማለት ምህርቲ ዓሳ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ መላእ ዓለም እናንቁልቁለ ይኸይድ ኣሎ። ብተወሳኺ ዓሳ ንምግፋፍ ዝፈሱ ወጻኢታት ብምውሳኽ ገፈፍቲ ዓሳ ኣብ ክሳራ ወይ ትሑት መኽሰብ ይወድቁ። ብተወሳኺ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ዝኸሰቱ ካብ ግምት ወጻኢ ዝኾኑ ንፋሳትን ማዕበላትን ንገፈፍቲ ዓሳ ኣብ ባሕሪ ምስ ወፈሩ እኹል ዓሳ ከይሓዙ ይፅንቅፎምን ኣብ ክሳራ ክኣትዉ ይገብሮምን ኣሎ።

ቁጠባዊ ቅልውላው ከስዕብ ይኽእል።

ብሓፈሻ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ዝም ዝስዕቡ ኣሉታዊ ጽልዋታት ክኸትል ይኽእል። እቶም ጽልዋታት ድማ ኣብ ውሕስነት መግቢ፡ ምንጪ ማይ፡ መነባብሮ ህዝቢ፡ ጥዕና፡ ትሕተ ቅርጺ፡ ቱሪዝም፡ ባህላውን ማሕበራውን ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ መቦቆላውያን ነበርቲ እዮም። እዞም ዝተጠቕሱ ጽልዋታት ብኸመይ ብክሊማዊ ለውጢ ይኸሰቱ ንሓፈሻዊ መላለዪ ክኾውን ተባሂሉ ኣብ ላዕሊ ብኸፊል ተገሊጹ ኣሎ። እንተኾነ ኣዝዩ ሰፊሕን ዝተሓላለኸን ባህሪ ስለ ዘለዎም፡ ነፍሲ-ወከፎም ብዝተናጸለ ክግለጹ ከም ዘለዎም ርዱእ እዩ።

**ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳለ ዓምዲ**

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ምስጢር ሆቴል ሃይዋርድ

ሆቴል ሃይዋርድ ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ 1914 ተጀሚሩ ኣብ 1923 ተሃኒጹ ዝወድአ እዩ። ቅዲ እዚ ህንጻ ጆን ፓርከሶን ብዝተባህለ ኣርኪተት ዝተገብረ እዩ። እዚ ሆቴል ክስራሕ ከባቢ ሓደ ሚልዮን ዶላር ዝወድአ ኮይኑ 1,100 ክፍልታትን 800 መሕጸቢ ሰበትን ዓይነ ምድሪን ዘለዎ እዩ።

መዓልታዊ ደማ ካብ ኣማኢት ክሱብ ሓደ ሽሕ በጺሖቲ የእንግደ። እንተኾነ ኩሎም እዞም በጺሖቲ ኣይከኑትን ናብዚ ሆቴል ብምምጽኦም ሕጉሳት ዝኾኑ፡ ምኽንያቱ ብዙሓት ካብዞም በጺሖቲ ህይወቶም ባዕሎም ስለ ዘሕለፉ።

እዚ ሆቴል ስርሑ ኣብ ዝጀመረሉ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት ኣብ 1924 ጥራይ 5 ሰባት ነፍሰ ቅትለት ፈጺሞም። ሓደ ካብኦም መጀመርታ ብኣራ ጎረሮኡ ድሕሪ ምጥባሕ ቀጺሉ ኒታ ካራ ናብ ኣፍልቡ ብምእታው እዩ ነፍሱ ኣጥፊኡ።

እቲ ቀዳማይ ኣብዚ ሆቴል ነብሱ ዘጥፍአ ሰብ ደማ ልዊስ ኮርይ ዝበሃል ኮይኑ ኣብቲ ሆቴል ድሕሪ ምዕራፉ ሰበይቱን ኣዕሩኽቱን ኣብ ካልእ ክፍሊ ገዲፉ፡ ጥርሙዝ ምሉእ ካርባሊክ ኣሲድ ብምስታይ እዩ ህይወቱ ኣጥፊኡ።

ኣብዚ ሆቴል ብዙሕ ስግንጢራዊ ፍጻመታት'ውን የጋጥሙ እዮም። ኣብ 1925 ሓደ ምስክር፡ ሜሪ ፒክፎርድ ዝተባህለት ተዋሳኢት ካብቲ ሆቴል ክትጭጥወ ከላ ብዓይኒ ርእያ። ኣብ 1929 ድማ ፍርቂ ደርዘን 'ማሽኮት' ዝበሃሉ ኣትማን ናብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት እቲ ሆቴል ኣቲዮም። ወላ'ኳ ኩሉ ኣብቲ ሆቴል ዝበረ ዝርእዮም ሰብ እንተ ወጨጨ ኩሎም ግና ብሰላም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክውዕሉ ከኣሉ፤ ክልተ ሰባት ግና በቲ መንከስቲ እግሮም ሓቢጦ።

ሓደ ግዜ ደማ ወዲ 70 ዓመት ኣቦ ማስኮት ናይቲ ዝበሮ ክፍሉ ምስ ከፈቶ ብኡንብኡ ሓሚሞ ወደቐ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ሆቴል መሕብኢ ናይ ብዙሓት ገበነኛታት እዩ። ኣብ ሓምለ 1942፡ ኣብ ሓደ ካፈ ኢመት ሊ ፈንቸ ዝተባህለ ሰብ ንሓደ ናይ ቀደም ሓላፊኡ ዝበረ ጃክ ግላንዚና ዝተባህለ ሰብ ንምቕታል ብረቱ ዓሚሩ መጸ።

"ኒታ ቴለፎን እንተ ተንኪፍካየ ክቐትለካ እየ!" ኢሉ ወጨጨ ፈንቸ። ግላንዚና ናብ ፖሊስ ክድውል ምስ ፈተነ፡ ፈንቸ ከም ቃሉ ተኩሱ ቀተሎ። ድሕሪ'ዚ ካብ ፖሊስ ናይታ ከተማን ካብ ኩሉ ፈላጠኡን ተሓቢኡ፤ ንነዊሕ ግዜ ኣብዛ ጉዳመኛ ሆቴል እዩ ዝነብር ኔሩ።

ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ዝርከብ ሰሲል ዝተባህለ ሆቴል'ውን ካብ ሆቴል ሃይዋርድ ዘፍሊ የብሉን። እዚ ሆቴል ንዝለምለኻውያን ነጋዶን ሳዕለዋይ ደርብን ተባሂሉ እዩ ተሃኒጹ። ዋና እዚ ሆቴል ግና፡ እዚ ሆቴል ብምስርሑ ቀልጢፉ እዩ ክጠዐስ ተረኺቡ። ምኽንያቱ ዓለም ብሽግሺ'ቲ ሆቴል ናብ ጭንቀት ብምሽማማን ሎስ ኣንጀለስ ድማ ናብ ቁጠባዊ ቅልውላው ብምእታዋን እዩ። እቲ ጸቡቕ ስም ዝበሮ ሆቴል ድማ መዕቆቢን መሕብኢን ገበነኛታት ኮነ። ብዘይካ'ዚ ቁጽሪ ኣብዚ ሆቴል ናይ ዝሞቱን ስግንጢራዊ ፍጻመታት ናይ ዘጋጥሞምን ሰባት እናወሰኸ ከደ።

ኣብ 1930 ጥራይ ኣብዚ ሆቴል ሽዱሽተ ነፍሰ ቅትለት ከም ዘጋጠመ ተመዝጊቡ። ገለ ካብኦም መርዚ ሰትዮም ህይወቶም ከሕልፉ ከለዉ፡ ገለ ድማ ካብ ላዕለዋይ ደርቢ ዝዘደፉን ብጥይት ነብሶም ዘጥፍኡን እዮም።

ንኣብነት ኣብ 1934፡ መዓርግ ሰርጌንቲ ዝበሮ ሉዊስ ዲቦርደን ዝተባህለ ሰብ ጎረሮኡ ብኣራ ሓሪዱ ህይወቱ ኣሕለፈ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመታት ድማ ሮይ ቶምፕሶን ዝተባህለ ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ካብ ላዕለዋይ ደርቢ እቲ ሆቴል ጸደፈ። ኣብ ዝቐጸለ ዕቑድ ዓመታት ብዙሕ ሞት ኣጋጠመ።

ኣብ መስከረም 1944፡ ኣብቲ ሆቴል ክፍሊ ሐ!ዛ ዝበረት ዶሮቲ ጆን ፑርሰል ዝተባህለት ጓል 19 ዓመት መንእሰይ፡ ሃንደበት ሰይቲ ደቂሳ ከላ ከቢዳ ስለ ዘሕመማ ኒቲ ምስኣ ደቂሱ ዝበረ ሰብ ከይትርብሾ ብምባል ናብ ዓይኒ ምድሪ ኣምርሐት። እቲ ኣዝዩ ዘሰንብድ ነገር ግዱ ኣብቲ ሽቓቕ ምስ በጽሐት ወዲ ምውላዳ እዩ። ንሳ ነፍሰ ጾር ከም ዝበረት ብፍጹም ኣይትፈልጥን እያ ነይራ። ብጌጋ ድማ እቲ ዝወለደቶ ቁልዓ ሞይቱ ኢላ ብምሕሳብ፡ ብማስኮት ናይቲ ሽቓቕ ንታሕቲ ደርበየቶ። ናብ ፍርዲ ምስ ቀረበት፡ ካብ ዝኸፍኣ ገበን ናጻ ተባሂላ ተለቒቓ ናብ ሆስፒታል ስነ ኣእምሮ ተወሰደት። ምኽንያቱ ዚ ክትፍጽም ከላ ምስ ምሉእ ኣእምሮኣ ኣይነበረትን።

ገለ ካብ ቅትለታት ኣብ ውሽጢ ክባቢን እዚ ሆቴል ይፍጸሙ እኳ እንተ ነበሩ፡ ናይ ገለ ሰባት ኣማውታ ግና ክሳብ ሎሚ ግድሉ ክፍታሕ ኣይከኣለን ዘሎ። ጎልዲ ኣሸጉድ ዝተባህለት ሰብ ኣብቲ ሆቴል ሐ!ዛቶ ኣብ ዝበረት ክፍሊ ሞይታ ተረኺባት። ቅድሚ ብጠለሕ ነገር ተወጊኣ መማታ ድማ ከም ዝተዓመጸት ተፈልጠ። ክሳብ ሎሚ ደማ ቀታሊኣ ክፍለጥ ይኸኑን ክርከብ ኣይተኻእለን። ኤልዛቤጥ ሾርት ዝተባህለት ሰብ ድማ ቀታሊኣ ብዘይተፈልጠ ገለ ካብ ክፋል ኣካላታ ተቖራሪጹ ተረኺቡት። ድሕሪ ገለ ግዜ ድማ እቲ ዝተረፈ ክፋል ኣካላታ ኣብ ባኞ ናይቲ ሆቴል ተረኺቡ።

ክሳብ ሎሚ ግድል እዘን ክልተ ሆቴላት ክፍታሕ ኣይተኻእለን ዘሎ፡ ቁጽሪ በጻሕተን ደማ ብሰንኪ እዚ ስግንጢራውን ዘርዕድን ኩነታተን ኣዝዩ ደሪኹ።



## ጽምብል ምውታት

ኣብ ሜክሲኮ 'መዓልቲ ምውታት' ዝበሃል ጽምብል ኣብ ባሕቲ ሕዳር ዝጽምብል እዩ። ቤተሰብ መዋቲ ካብ ክዳውንቱ ዝበረ መረጺም ክዳን ይኸደኑ። ብዘይካ'ዚ ገዛም ብሕብርታት ብምልካይ ሽምዓታትን ህያባትን ሐዞም ናብቲ መቓብር ብምኻድ ኩሉ ግዜ ከም ዝዘክርዎን ዘይርስዕዎን ቃል ይኣትዉሉ።

'ሃንግሪ ኮስት' ወይ 'ኮንዩዶኣን' ኣብ ሆንግ ኮንግን ቻይናን ዝጽምብል ፈስቲቫል እዩ። ኣብዛ መዓልቲ እቲ ዝሞተ ሰብ ክበጽሖም ኢሉ ከም ዝመጽእ ይኣምኑ። ኣብ ገዛኦም ዝተፈላለዩ መግብታት ሰሪሖም ድሕሪ ምምጋብን ምዝንጋዕን ንኹሉ ኒቲ ዝሞተ ሰብ ኢሎም ዘዳለውዎ ህያባት ኣብ ጸርግያ ገደርም የንድድዎ። ኣብዘን ናይ ፈስቲቫል መዓልታት ድማ ኮንሰርትታትን ምርኢታትን ይቐርብ። እዚ ፈስቲቫል ብምዝንጋዕን ብሕጉስ መንፈስን እዩ ዝበዓል።

ደሴት ካሪብያን ኣብ ዝኾኑት ሀይቲ መዓልቲ ምውታት ብፍልይ ዝበለ ኣገባብ እዩ ዝጽምብል። 'ፈስቲቫል ኣቡሓኒታት' ኢሎም ድማ ይጽውዕዎ። ንኽብሪ እቶም ዝሞቱ ቤተሰቦም ንምዝካር ተባሂሉ ዝግበር እዩ። እዚ ፈስቲቫል ኣብ መቓብር ዝግበር ኮይኑ ብድራማ ደርፊን ኣማኢት ሽምዓታት ብምውላዕን ዝጽምብል እዩ። ኣብ መወዳእታ መሬት ምስ ጣየ ድማ ኑቶም ዘፍቅርዎም ብህይወት ዘየለዉ ፈተውቶም ዝተፈላለዩ ህያባት ኣብ ልዕሊ መቓብሮም ኣንቢሮም ናብ ቤቶም የምርሑ።

ብዙሓት ሕብረተሰባት ኣፍሪቃ'ውን ነዚ ዝምልከት ፍልይ ዝበለ ልምድታትን ወግዕታትን ኣለዎም። ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እዚ ልምድታትን ወግዕታትን ከም ዘለዎ ይቐጽል ኣሎ። ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ኣብ ግዜ ሞት ዝተፈላለዩ ልምድታት ኣለዎም።

ቀቢላ ቻዋ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኣፍሪቃ ሞዛምቢክ፡ ዛምብያን ዚምባብወን ዝነብሩ ኮይኖም ሓደ ካብ ቋንቋታት ጥንቲ ዝኾነ ቋንቋ ቺቸዋ ድማ ይዛረቡ። እዚ ቀቢላ ብኣደ ዝመሓደር ስርዓት እዩ። ህዝቢ ቻዋ ንሞት ከመይ እዮም ዝርእይዎ?

ኣብ ቀቢላ ቻዋ ሓደ ሰብ ቅድሚ 65 ዓመት ዕድሚኡ እንተ ሞይቱ ከም ሓደ ዘይልሙድ ተርእዮ እዮም ዝወስዱዎ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሓንቲ ኣደ ክትሓርስ ከላ ምስ እትመውት፡ ሰብኣያ ንሳ ነፍሰ ጾር ከሉ ምስ ካልእ ሰበይቲ ይዘሙ ከም ዝበረ እዮም ዝሓስቡ።

ኣብ ህዝቢ ቻዋ ሞት ከም ሓደ ንብር ኣርእስቲን ባህርያዊ መስርሕ ህይወትን ኣይወሰድን እዩ። ሰባት ብዘይዝኾነ ምኽንያት ህይወቶም ከም ዘይትጠፍእ እዮም ዝሓስቡ። ቀቢላ ቻዋ ኣብ ሞት ዘለዎም ርድኢት ከመይ ምዃኑ ርኢናዮ ኣለና። ሕጂ ናብቲ ሰብ ምስ ሞተ ዝገብርዎ 'ፈስቲቫል ምውታት' ኢሎም ዝጽውዕዎ ንርኣ፦

ኣብ ቻዋ፡ ሓደ ሰብ ምስ ዝመውት፡ ኒቲ ሬሳ ተሰኪሞም ናብ ሓደ ቅዱስ ቦታ ይወስድዎ። ኣብኡ ድማ ንገረሮ እቲ ሰብ ቀሪጾም፡ ማይ ይጉብኡሉ፤ እቲ ማይ ክሳብ ብታሕቲ ዝወጽእ ድማ ይጸበይዎ። እዚ መስርሕ ድማ ክሳብ እቲ ዝወጽእ ማይ ጽሩይ ዝኸውን ይደጋገም። ዕላማ እዚ ተግባር፡ እቲ ዝሞተ ሰብ ካብቲ ዝነብሮ ዝበረ ሕማቕ ባህርያት ንምንጻህ እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ዝወጽአ ማይ ጽሩይ ምስ ኮነ ድማ ኣብ ሓደ ሸሓኒ ይእክብዎ። ቀጺሎም ኒቲ ማይ ንመላእ ነብሪ እታ ዓዲ ክሰትይዎ ይወሃብ። ኣብዚ ጽምብል ኩሉ ነባሪ እታ ዓዲ ክስተፍ ይግደድ እዩ።

ኣብዚ ቀቢላ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ሞት ምስ ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ደቂ ሰብ ዘይኮነ ምስ ጥንቆላ ወይ ሰይጣናዊ ስራሕ እዮም ዘተሓሕዝዎ። ሓደ ሰብ ኣብ ቀብሪ ከይሳተፍ ዕጥይዕጥይ እንተ ኢሉ ከም ዝመውት እዮም ዝኣምኑ። ስለዚ ኩሉ ኣባል እቲ ቀቢላ ኣብዚ ስነስርዓት ቀብሪ ክሳተፍ ኣለዎ።

ማሕበራዊ ወሃደት ህዝቢ ቻዋ ቀንዲ ዝርኣየሉ ኣብ ግዜ ቀብሪ እዩ። ምኽንያቱ ብሓንሳብ ኮይኖም ስለ ዝምክሩን ዝሰትዩን። ድሕሪ'ዚ ደማ ሓብርም ይስዕብ።

እዞም ኣብ ቻዋ ድሕሪ ሞት ሓደ ሰብ ዝረኣዩ ጽምብላት፡ ሞት ሓደ ተራ ነገር ከም ዘይኮነ ዘርእዩ እዮም። ኩላ እታ ዓዲ ንቐብሪ ምስ ተኣከበት፡ እቲ መደብ ቀብሪ ጥራይ ኣይኮነን፡ ኣንጻር ሓደ ሓይሊ ይቃለሱ ከም ዘለዉ ዘምስል እዩ።






### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ጥዑብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቴሪብ |
| 14:35 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:01 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕሱት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ=ምስ ፊወዝያ ሃሸም ሚኒስተር ፍትሒ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ፍናተ ሂወት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- መስተንክር 47 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Inventory Data Clerk**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

**Capturing of information relating to Receiving goods, storing as well as Issuing goods, and processing it to Inventory Control. It also includes filing and documentation of transactions both in soft & hard copy.**

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- **Checking & Receiving goods from supplier against purchase request, Process Goods Receiving Note (GRN) and ensuring delivery of the item to user following warehouse issue (GIN) procedures.**
- **Capture goods receiving & issuing information into PRONTO computer system and obtain authorization.**
- **Ensure received & issued items are safe and timely documented.**
- **Collaborate with Purchasing and Expediting teams concerning supplied items.**
- **Ensure proper receiving and delivery of items purchased.**
- **Having end balance information of stock items on daily basis**
- **Ensure receiving and issuing of goods is made based on proper document**
- **Doing clerical works related to inventory**
- **Ensure proper storage and knowledge of item location.**
- **On time report of any risk or property damage**
- **Assist inventory team in all its activity.**

**Profile: Qualifications and Experience**

**Formal Education, Certifications or Equivalents**

- **Grade 12**

**Working Experience – Nature & Length**

- **2 years' experience in warehousing**
- **Computer knowledge – Microsoft Office**

**Technical Skills**

- **Computer Literacy (MS Office – Excellent, Excel-Competent)**
- **Computer knowledge**
- **Telephone skills**

**Behavioral Skills**

- **Interpersonal Skills**
- **Communication (English and local language)**
- **Performance Orientation**

**General Information and other requirements:**

- ☐ **Place of Work:** **AMSC Sites**
- ☐ **Type of contract:** **Indefinite Period**
- ☐ **Salary:** **As per the Company salary scale**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).**
- **Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to the sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.**

☐ **Address: Please mail your applications to;**
**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**

☐ **Applicants shall be required to send a copy to:**
**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**

☐ **Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## Notice

Notice is hereby given to the public the current shareholders and heirs of the deceased members of "Asmara Paper Factory" Private Limited Company in their extraordinary meeting conducted on 15th August 2024 have passed the following resolution.

According to the decision of Shariah Court of Zoba Maakel rendered on 29/11/2018 under file No. 968/2018, Shariah Court of Zoba Maakel Asmara rendered on 13/01/2011 under file No. 44/2011, Shariah Court of Zoba Maakel Asmara on 12/08/2014 under file No. 748/2014 and Shariah Court of Zoba Maakel Asmara on 04/01/2024 under file No. 17/2024 the shareholders have managed their shares as follows:

| | Name of shareholders | Shares | Value |
|---|---|---|---|
| 1 | Late Sofia Siraj Abdelrekim | 32 | 32,000.00 NKF |
| 2 | Mohamemednur Hagos Beshir | 63 | 63,000.00 NKF |
| 3 | Abdurahman Hagos Beshir | 62 | 62,000.00 NKF |
| 4 | Munira Hagos Beshir | 31 | 31,000.00 NKF |
| 5 | Seidi Hagos Beshir | 31 | 31,000.00 NKF |
| 6 | Semira Hagos Beshir | 31 | 31,000.00 NKF |
| 7 | Hagos Mehamedbrhan | 9 | 9,000.00 NKF |
| 8 | Jemila Mehamedbrhan | 5 | 5,000.00 NKF |
| 9 | Late Uzedin Mohamedberhan | 59 | 59,000.00 NKF |
| 10 | Abdulkerim Mehamedbrhan | 59 | 59,000.00 NKF |
| 11 | Abdelwehab Mehamedbrhan | 59 | 59,000.00 NKF |
| 12 | Abdulaziz Mehamedbrhan | 59 | 59,000.00 NKF |
| | | ***500*** | ***500,000.00 NKF*** |

The shareholders have appointed Mr. Abdulkerim Mehamedbrhan to become a new manager of the company for unlimited period.

Asmara Paper Factory PLC

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሳምራዊት ገብረብርሃን ስብምትልኣብ፣ ተኸሳሲ መሲ ነጋ ወልደኣብዝጊ፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እ'ኽሊ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ሶሚራ ጆማል ኢድሪስ፣ ተኸሳሲት ወረ/ኽፍ/ሄር ስዕዲ ዓብዱረሒም፣ ወ/ሮ ዛህራ ዓብዱ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ትርሓስ ወልደሃዋርያት ገብረእንድርያስ፣ ተኸሳሲ ተኽሉ ዑቕባሚካኤል መዝሎ፣ ናይ ኣጕት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ቴድሮስ ማሰፍን ወ/ማርያም፣ ኣደይ ሓረጉ ብርሃ ወ/ሚካኤል ስለዝዋረፈት፣ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ጥረይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

"ፈልማዊት" "ፈሽን" ገብረኪዳን ወልደኣልፋ ምግቢ ተረፉ፣ ሼኑሰ ገብረኪዳን ወልደኣልፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንሰይቲ

ት/ዕድመ የሲያስ ግርማይ ታመነ ምግቢ ተረፉ፣ ዩሲያስ ተስፋገርግሽ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ቴድሮስ መብራህቱ ሰመረ ኣብ ዓዲ/ከበ. ጻዕዳክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 16.53 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 009060 ፕሎት 41 ፓርሰል G ንመዝበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ ብቁጽሪ ስልኪ 07192745 ክሕብረኒ። እንተዘይሒይሩ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ቴድሮስ መብራህቱ ሰመረ

---

## NOTICE

An extra-ordinary general meeting of members of "La Belle Flowers Arbate Asmera, PLC" is going to be held on 27th of September 2024 at the office of the company, and all members are hereby called to attend at the meeting.

Agenda of the meeting will be to appoint general manager.

"La Belle Flowers Arbate Asmera, PLC"

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ሓውና ግራ/ሮኽረጻዮን ጠኸት ብሕማም ምኽንያት ኣብ ሃገረ ሽወደን ስዩትሎም ቤተክርስትያን ኣቡነ ኣረጋዊ ልደተ ማርያም ከተማ ሂስፐር ክሳብ ኣስመራ ሬሳ ተቐቢልኩም ኣብ ኳዜን ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ቴሌፎን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፣ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰምረት ተሰፉ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

---

ኣመልካቲ ኣነ መም. ወልደየሱስ ዘሚካኤል ኖር ዝተበሃልኩ፣ ናይ ወ/ሮ ምንት ሓምድ ማሕሙድ ወኪል ዝኾንኩ፣ ሰነድ ሊብረቶ ብመ.ቊንብረት 6BRKRN000724/1 ዝተመዝገበ ስለዝጠፈኣኒ፣ ዝ. ሰነድ ዝረኸበ ኣካል/ ትሕጃ ሓዚዎ ኣለኹ ዝብል እንተልዩ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዘሎ ግዜ ናብ ቤ/ጽ/ፓ/ኖ/ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

መም. ወልደየሱስ ዘሚካኤል ኖር

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፣ ኣሕምልቲ ጥረታት ስጋ- ከብቲ እንቋቕሖን በርበረ ምስ ቀመሙን
ኣሃዱ፣ ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል (ንኣሕዳሪ ቤ/ት ዓይኒ ስወራን ኣብርሃ ባህታ)
ኣርእስቲ ውዕሊ፣ ናይ ዓሰርተ (10) ኣዋርሕ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ንዓመተ 2025 ዓ.ም ካብ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2025 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ንእትመሓደር ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይኑ ስወራን ኣብርሃ ባህታ ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1.ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይኑስወራን ኣብርሃ ባህታ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፣ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ስጋ ከብቲ፣ ኣሕምልቲ ጥረታት በርበረ ምስ ቀመሙን እንቋቕሖ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3.ተጫረትቲ፣ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን 2023 ክሊራንስን ናይ ታሰራ ፎቶ ኮፒን የቕርቡ።
4.ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ቁ.8 ቁ.ቴሌ.180386 ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5.ብቑዓት ተጫረትቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ (50) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 30/09/2024 ሰዓት 09:30 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ።
7. ጨረታ፣ ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወኪልትን ስዑሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ውልቀ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ብግልጺ ይኽፈት።
8. ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወኪልትን ስዑሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ውልቀ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 30/09/2024 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ብግልጺ ይኽፈት።
9.መኽበሪ ጨረታ (Bid security) ንፋስ ወከፍ ዓይነት ብ c.p.o ናቕፋ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ክኸውን ኣለዎ።
10. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዘዝ መሰረት ይካየድ።
11. ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
Ministry of Education Zoba maekel P.Box;82 Tele No.180386/180374/180389

---

## ምልክታ ጨረታ

ዲሽዛ ተማሃሮ፣ ንመባእታ፣ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ተማሃሮ፣
ኣሃዱ፣ ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
ኣርእስቲ ውዕሉ፣ ን2024/2025 ዓመት ትምህርቲ ዲሽዛ ተማሃሮ
ኣገባብ ዕድጊ፣ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ን2024/2025 ዓመት ትምህርቲ ኣገልግሎት ዝውዕል ዲሽዛ ተማሃሮ ብጨረታ ከስፊ ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ይዕድም።

| ተ.ቁ | ደረጃ | ሕብሪ | ብዝሒ |
|---|---|---|---|
| 1 | ቀዳማይ ክፍሊ (መባእታ ደረጃ) | ቀጠልያ | 11,408 |
| 2 | ሻዱሻይ ክፍሊ (ማእከላይ ደረጃ) | ሃሳስ ሊላ | 11,476 |
| 3 | ታሽዓይ ክፍሊ (ካልኣይ ደረጃ) | ብናይ ቤት ትምህርቶም ዲሽዛ ሕብሪ | 9,865 |

እዚ ቀሪቡ ዘሎ ብዝሒ ተማሃሮ ክውስኽ ወይ ክንኪ ይኽእል።
ክፍሊት ብቤት ትምህርቲ ይፍጸም።

ተጫራቲ ክማልኦ ዘለዎ

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን 2023 ክሊራንስን ናይ ታሴራ ፎቶ ኮፒን የቕርብ።
2.መኽበሪ ጨረታ (Bid security) ብ cpo ናቕፋ 50,000.00 ናቕፋ ክኸውን ኣለዎ።
3.ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስእዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም ዞባ ማእከል ቁ/ቴሌ 180386 ናይ ጨረታ ሰነድን ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
4..ብቑዓት ተጫረትቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ (50) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
5.ዓይነት ጨርቂ ረጉድ ብቕዓቱ ዝተሓለወ ፖሊስተር።
6. ዕወት ተጫራታይ ንዝቐረቡ ጠለብ ሰፍየት ዲሽዛ ተማሃሮ ናይ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልታት ሰፍዩ ከረክብ ኣለዎ። እንተዘየረከበ ውዕሊ ብምፍራስ ተሓታቲ ምዃኑ ንሕብር።
7. ናይ ጠቕላላ ዲሽዛ ተማሃሮ፣ ትምህርቲ ካብ ዝተኸፈተሉ ኣብ ውሽጢ መጀመርታ ቀዳሞት ክልተ ኣዋርሕ ሰፍዩ ወዲኡ የረክብ።
8. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ንሓሙሽተ መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፣ ንጽባሒቱ ሳንዱቕ ጨረታ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ይኽፈት።
9. ጨረታ፣ ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወኪልትን ስዑ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ውልቀ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ ጽ/ጨ/ሚኒ/ ትም/ዞባ ማእከል ብግልጺ ይኽፈት።
10. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዘዝ መሰረት ይካየድ።
11.ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
Ministry of Education Zoba maekel P.Box;82 Tele No.180386/180374/180389

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ይቕጽል

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፉ መዓልታት ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ገጀረት ንጸጸራት 2ብ1፡ ሓይሊ ባሕሪ ንደንደን 2ብ1፡ ገዛ ጥንዳ ንሰምበል 2ብ0፡ ፓራዳይዝ ንኣኽርያ 3ብ2፡ ሓይሊ ኣየር ንኣርባዕተ ኣስመራ 4ብ0፡ ቲራቮሎ ንዘራእትን ጥሪትን 3ብ1፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንንግዳዊ ባንክ 4ብ1 ክስዕርኣን እንከለዋ፡ ማይ ተመናይን መረብ ሰቲትን 1ብ1 ተፈላልየን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ረቡዕ ዘራእትን ጥሪትን ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ሰዓት 1፡00 ድ.ቀ፡ ገዛ ጥንዳ ምስ ሓይሊ ኣየር ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ ብዘካይደኦ ጸወታታት ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ናብ ናይ ኣወዳዳቕካ ምሕላፍ ግጥማት በጺሑ።

በዚ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ጸጸራት፡ ጋሻ ኖሓ፡ ገጀረት፡ ገዛ ጥንዳ፡ ጉዳይፍ፡ ማይ ተመናይ፡ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ኣባሻውል፡ ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት - ጸጸራት፡ ገዛ ጥንዳ፡ በሪኽ፡ ፓራዳይዝ፡ ኣኽርያ፡ ኣባሻውል፤ ከምኡ'ውን ናይ ትሕቲ 17 ዓመት - ቲራቮሎ፡ ገዛ ጥንዳ፡ ገጀረት፡ ፓራዳይዝ፡ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ማእከል ከተማ፡ ሰምበልን ሰረጀቓን ሓሊፈን ኣለዋ።



ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 13 ዓመት፡ ፓራዳይዝ ጉዳይፍ፡ ገጀረት፡ በሪኽ፡ ኣኽርያን ጉዳይፍን፡ ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት ገጀረት፡ በሪኽ፡ ኣኽርያን ጉዳይፍን ክሓልፋ እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ግን፡ ዋሕዲ ደቂ ኣንስትዮ ተጻወትቲ ብምህላዉ ኣብ ጉጅለ (ብዙርያ) ብዘካየዳኦ ጸወታ እየን ክውድኣ። ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት ድማ፡ ፓራዳይዝ ንገጀረት 3ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ዕዳጋ ሓሙስን ኣኽርያን 0ብ0 ተፈላልየን።

## ኮማን፡ ንበርግዊን ነቒፍዎ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ሮናልድ ኮማን፡ ንተጻዋታዩ ስቲቨን በርግዊን ነቒፍዎ - እቲ ተጻዋታይ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ኢትሓድ ድሕሪ ምጽምባሩ።

ወዲ 26 ዓመት በርግዊን፡ ብ21 ሚልዮን ዩሮ (17.7 ሚልዮን ፓውንድ) እዩ፡ ካብ ሆላንዳዊት ክለብ ኣያክስ ናብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ኣቕኒዑ። እዚ መስርሕ ግን፡ ንዖላማኢ ኮማን ኣየሐጎሶን። ትማሊ ሰሉስ ንሃገራዊት ጋንታኡ ሐዙ ልምምድ ዝጀመረ ኮማን፡ ብዛዕባ'ዚ ዘይመረጾ ተጻዋታይ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ምቕንዑ፡ ንናይ ኣህጉራዊ ግጥማት ጉዕዞኡ ከምዝጸለዎ ገሊጹ።


ንሱ፡ "ስቲቨን በርግዊን ናብ ስዑዲ ዓረብ ወዲ 26 ዓመት እንከሎ ኣምሪሑ። ዝኾነ ስፖርታዊ ድሌት ከምዘይብሉ ዘጸር እዩ። በዚ ከኣ፡ ናይ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ መጽሓፉ ተዓጽያ ኣላ፡" ክብል፡ ምስዛ ጋንታ መጻኢ ከምዘይብሉ ገሊጹ። ብዛዕባ'ዚ መስርሕ ምስናኡ ምስኡ ተዘራሪቡ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ ድማ፡ "ኣይፋል፡ ምናልባት እንታይ ከምዝብሎ ፈሊጡ ይኸውን፡" ኢሉ።

ንሃገሩ ኣብ 35 ግጥማት ዝወከለ በርግዊን፡ ኣብ ዩሮ 2024 ኣካል እዛ ብኮማን እናተመርሐት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ዝበጽሐት ሃገራዊት ጋንታ ምንባሩ ይዝከር። ኣብዚን ዝቕጽላ መዓልታት ሃገሩ ኣንጻር ቦዝንያን ጀርመንን እተካይዶ ናይ ኔሽንስ ሊግ ጸወታታት ግን፡ ብዖላማኢ ኣይተመርጸን።

እዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ቶተንሃም፡ በዚ ሓዲሽ መስርሕ ምስ ብዓል በንዘማ፡ ፋብንሆ፡ ሞሳ ዲያቢን ካንተን ክሓብር እዩ። ኣል-ኢትሓድ፡ ብናይ ቅድም ዓላሚ ሃገራዊት ፈረንሳ ላውረንት ብላንክ እያ እትሰልጠን ዘላ።




## ስዋረዝ፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ወጺኡ



ኡራጓያዊ ኣጥቃዓይ ሉዊስ ስዋረዝ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጽኡ ትማሊ ኣፍሊጡ።

ስዋረዝ ሃገራዊት ጋንታኡ ድሕሪ ጽባሕ (ዓርቢ) ምስ ፓራጓይ ኣብ እተካይዶ መጻረዪ ጸወታ ዋንጫ ዓለም፡ ናይ መወዳእታ ግጥሙ ምዃኑ እናነበዐ ሓቢሩ። ንሱ፡ "ብዛዕባ'ዚ ክሓስብ እየ ጸኒሐ። ቀሊል ውሳነ ኣይኮነን። እንተኾነ፡ እቲ ትኽክለኛ ግዜ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ክሳብ ናይ መወዳእታ ግጥም ከኣ ኩሉ ዝከኣለኒ ክህብ እየ፡" ኢሉ።

ኣብ 2007 ወዲ 19 ዓመት እንከሎ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ንዓባይ ሃገራዊት ጋንታኡ ዘካየደ ስዋረዝ ኣብ 142 ግጥማት ክውክላ እንከሎ፡ 69 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። በዚ ከኣ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ሃገሩ እዩ።

እዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሊቨርፑልን ባርሰሎናን፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2010 ፍልይቲ ኣርእስቲ ምስርሑ ይዝከር። ኣብ ርብዒ ፍጻመ ምስ ጋና እናተጻወቱ፡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ናብቲ ሓላዊ ልዳት ዝበርረ ጥርሑ ልዳት ተምርሕ ንዝነበረት ኩዕሶ ብኢዱ ብምምላሱ፡ ሸቶ ካብ ምዃን ዓጊትዋ። ንሱ፡ ዋላ'ኳ ብቐይሕ ካርድ እንተተባረረ፡ ጋና ከኣ ፍጹም ቅላዕ እንተተዋህበት፡ ነታ ፍጹም ቅላዕ ክትርም ሓላፍነት ዝወሰደ ኣጥቃዓይ ኣሳሞዋህ ጊያን ናብ ሸቶ ክቕይራ ብዘይምኽኣሉ ግን፡ ናብቲ ድሕሪኡ ዝተሰዓበ ናይ መፈላለዪ ፍጹም ቅላዕ ከምርሖ ምኽኣሎም ይዝከር። ጋና፡ ካብታ ጸወታ ናብ ፍርቂ ፍጻመ እንተተሓልፍ ነይራ፡ ኣብ'ቲ እዋን - ንፈለማ ግዜ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ዝሓለፈት ቀዳመይቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ምኾነት ነይራ።



ስዋረዝ ቅድሚ ምጅማር ዋንጫ ዓለም 2022፡ ነዛ ፍጻመ ይቕረታ ከምዘይሓተተላ'ውን ተዛሪቡ እዩ። እዚ ብሉጽ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2014 እውን፡ ንኢጣልያዊ ተኸላኻሊ ጆርጅዮ ቺለኒ ብምንካሱ ካልእ ኣርእስቲ ሰሪሑ ነይሩ። ሰሪ ዝገበሮ ዘይስፖርታዊ ተግባር ድማ፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ክእለ ተቐሲቡ ነይሩ።

ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ፡ ቀዳመይቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ናብ ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም ዝበጽሐት እያ - ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ታሪኽ ብምስራሓ።

## ነገረ ሮናልዶ

ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ብዛዕባ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ዘለዎ መጻኢ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ንናይ ቅድም ክለቡ ማን ዩናይትድን ዓላሚኡ ኤሪክ ተን ሃግን ዝወቕስ ዘረባ ተዛሪቡ።

ኣብ ክረምቲ 2021 ናብ ማን ዩናይትድ ዳግማይ ዝተመልሰ ሮናልዶ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ ብውልቁ ዕዉት ግዜ ምሕላፉ ይግለጽ። ኣብ ካልኣይቲ ወቕቲ ግን፡ ከምዘይምችእመኣን ብሓዲሽ ዓላሚ ኤሪክ ተን ሃግ መንበር ተቐዪርቲ ከምዝምቀ ከምዝተፈረደን ይዝከር። ኣብ መወዳእታ ደቓይቕ ተቐይሩ ንኽኣቱ ኣብ ዝተሓተተሉ እውን ክኣቢን ኩርዩ ካብ ሜዳ ክወጽእን ተራእዩ እዩ። ኣብ ታሕሳስ 2022 ድማ፡ ናብ ስዑዲ ዓረባዊት ክለብ ኣል-ነስር ተጸምቢሩ።



ኣብዚ እዋን ምስ ፖርቱጋል ተጠርኒፉ ዘሎ ሮናልዶ፡ ንሃገሩ ከም ተቐያሪ ኮይኑ ክውክላ ተዳልዩ እንተሃሊዩ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኣብ ኣጀማምራይ ኩሉ ግዜ ቀዳማይ ተሰላፊ እየ። ክሳብ ናይ ጸወታ ግዜይ ዝዛዘም፡ ኩሉ ግዜ ከም ቀዳማይ ተሰላፊ እየ ክሓስብ፡" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ኩሉ ግዜ ንውሳኔታት የኽብሮ እየ፡ ንኣሰልጣኒ ኣይተንክፉን። ነተን ዝጻወትለን ክለባት ኩሉ ግዜ ኣኽቢሮት ኣለኹ። እንተኾነ፡ ሓንሳብ ወይ ክልተ ሳብ ኣብ ልዕሊዩ ሕማቕ ባህሪ ኣርእየም እዮም። ሞያዊ ስሩምግባር ኣብ ዘኽብሩሉ ግን፡ ኩሉ ግዜ ንውሳኔታት ኣሰልጠንቲ የኽብሮ እየ። ሞያዊ ስሩምግባር ምስ ዘየኽብሩ ከኣ፡ ኩሉ ግዜ ክርክር ኣሎ፡" ክብል፡ ናብ ክለቡን ኣሰልጣኒኡ ነበርን ዝቐንዐ ዘረባ ወርዊሩ።

ሮናልዶ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ኣሰልጣኒኡ ዝነበረ ፈርናንዶ ሳንቶስ፡ ካብ ዙር 16 ኣትሒዙ ኣብ መንበር ተቐያሮቲ ከምዘጀመሮ ይዝከር። እንተኾነ፡ ሮበርቶ ማርቲነዝ መዚኑት ምስ ተቐበለ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ከም ናይ ቀደሙ መሪሕ ተራ ተዋሂብዎ እዩ፤ ሓንቲ ሸቶ ከየመዝገበ ግን፡ ካብቲ ውድድር ተገሊፉ። እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን ማርቲነዝ፡ እዚ ወዲ 39 ዓመት ገዲም ተጻዋታይ ምስ ቀዳሞት 11 ከምዘሰልፍ ገሊጹ ኣሎ። ፖርቱጋል፡ ኣብ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ፡ ጽባሕ ሓሙስ ምስ ክሮኤሽያ፡ ሰንበት ከኣ ምስ ስኮትላንድ ክትገጥም እያ።

## ኦሲመን፡ ናብ ቱርኪ ኣቕኒዑ

ምስ ክለቡ ናፖሊ ዝበሮ ርክብ ድሕሪ ምብታኹ ካብ ቀዳመይቲ ጋንታ ዝተኣልየ ቪክቶር ኦሲመን፡ ብልቓሕ ናብ ቱርካዊት ክለብ ጋላታሳራይ ምስጋጋሩ ተቓሊሑ።

ትማሊ ሰሉስ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ከተማ ኢስታንቡል ዝኣተወ ኦሲመን፡ ኣብ ምውት ግዜ ምዕጻው መስኮት ምስግጋር እዛ ክረምቲ፡ ስሙ ብሰፊሑ ምስ ቸልሲ ተኣሳሲሩ ደለዓል ነይሩ። ኣብ ፕሪመር ሊግ ናይ ምጽዋት ሕልሙ ግን፡ ክሰምር ኣይከኣለን።




በዚ ከኣ፡ እታ ክወጽእ ምዃኑ ዝሓበራ ክለቡ ናፖሊ፡ ስሙ ካብ ዝርዝር እቶም ኣብዚ ወቕቲ እትጥቀመሎም 25 ተጻወትቲ ከምዝሓኸኸቶን ምስኣ ዝኾነ መጻኢ ከምዘይብሉ ከምዝሓበረቶን ይፍለጥ።

ስሪዝ፡ መስርሕ ምስግጋር ፕሪመር ሊግ ብምዕጻው፡ ንሱ ከኣ፡ ናብታ እትደልዮ ዝነበረት ስዑዲ ዓረባዊት ክለብ ኣል-ኣህሊ ክሰግር ብዘይምድላዩ ድማ፡ ክሳብ ናይ ወርሒ ጥሪ መስኮት ምስግጋር ዝኸፈት፡ ብዘይ ጋንታ ክጸንሕ ከምዝኽእል ክግለጽ ቀንዩ።

እንተኾነ፡ ብናይ ሓደ ዓመት ናይ ልቓሕ መስርሕ ናብ ቱርኪ ብምቕናዑ፡ ምስ ጋላታሳራይ ተጸምቢሩ ኣሎ - ብመሰረት ምንጪታት። ብቐዋሚ ኣባላ ክትገብሮ ዘኽእል ኣማራጺ ዘይብላ ጋላታሳራይ፡ ሰሙናዊ ኣሰታት 210 ሽሕ ዩሮ (176 ሽሕ ፓውንድ) ክትከፍሎ ምዃና እዩ ዝሕበር።

ኦሲመን፡ ኣካል እቲ ዝኣተዎ ስምምዕ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ሓንቲ ካብተን ኣሰማተን ዘይተገልጸ 10 ክለባት ሕቶ እንተመጺኣዎ፡ ውዕሉ ኣፍሪሱ ክወጽእ'ውን ንክለቡ ናፖሊ ሓቲትዋ እዩ። ከም ጸብጻብ ጋዜጣ መትሮ፡ ገለ ካብዘን ኦሲመን ዝደልየን ዘሎ ክለባት - ኣርሰናል፡ ቸልሲ፡ ሊቨርፑልን ባየርን ሙኒክን እየን። ብዘይካ'ዚ፡ ቀዋሚ ምስግጋር ዝደሊ ዘሎ እዚ ናይጀሪያዊ፡ መልቀቒ ዋጋኡ ካብ 109 ሚልዮን ፓውንድ ናብ 63 ሚልዮን ፓውንድ ክነድል'ውን ሓቲቱ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ዝ. መልቀቒ ዋጋ እትደፍሮ ክለብ ብምስኣና። ናፖሊ ድማ፡ ውዕሉ ክሳብ ሰነ 2027 ከተናውሖ ኣማሪጺ ኣለዋ - ኣብ ጥሪ ኮነ ኣብ ክረምቲ 2025 ብቐዋሚ እንተዘይተሸይጠ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ክረምቲ 2026 ብናጻ ክትከስሮ ስለዘይትደሊ።

ኣብ 2022-23 ኣዝዩ ኣገዳሲን ጸላዊን ተጻዋታይ ናፖሊ ዝበረ ኦሲመን፡ እዛ ጋንታ ድሕሪ 33 ዓመታት ዋንጫ ሰሪኣ ክተልዕል መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ። እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ 26 ናይ ሊግ ሸቶታት ብምቑጻሩ ድማ፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ተጻዊቱ ነይሩ።

ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ግን፡ ናይ ምውጻእ ሓሳብ ብምንቃሉ፡ ስሙ ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ተኣሳሲሩ ክለዓል ጸኒሑ። ናፖሊ፡ ዋላ'ኳ ዛጊት ካብዚ ተጻዋታይ እትጠልቦ መሸጢ ገንዘብ ኣይትረኸብ፡ መተካእታኡ ግን፡ ንኣጥቃዓይ ቸልሲ ሮመሉ ሉካኩ ኣፈሪማ እያ። ሉካኩ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ሰሪኣ ጸወታኡ ሸቶ ብምቑጻር፡ ንፓርማ 2ብ1 ኣብ ምስዓር እጃም ኣበርኪቱ እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ህንዲ፡ ሰደድ ነዳዲ ናብ ኤውሮጳ ብ2500 ዕጽፊ ዓብዩ

ሰደድ ነዳዲ ህንዲ ናብ ኣህጉር ኤውሮጳ፡ ድሕሪ 2018 ብልዕሊ 2500 ዕጽፊ ከምዝዓበየ ሚኒስትሪ ንግዲን ኢንዱስትሪን ህንዲ ሓቢሩ።

ኣብ ዓመት 2018/2019፡ ህንዲ ልዕሊ 9700 ሜትሪክ ቶን፡ ፐትሮከሚካዊ ነዳዲ ናብ ሃገራት ኤውሮጳ ከምዘለኣኸት እዩም ጸብጻባት ዝሕብሩ።

ኣብ ዓመት 2023/2024 ከኣ - እታ ሃገር ነቲ ሰደድ፡ ናብ ልዕሊ 24.73 ሚልዮን ቶን ክብ ከምዘበለቶ እቶም ጸብጻባት የረድኡ።

ብመሰረት እዚ፡ ህንዲ ካብ ሰደድ ነዳዲ ዝረኸበቶ እታው - ኣብ ዓመት 2018/2019፡ 5.9 ቢልዮን ዶላር ዝበረ፡ ኣብ ዓመት 2023/2024 እቲ እታው -




ብ3.5 ዕጽፊ ብምዕባይ ናብ 20.5 ቢልዮን ዶላር ክብ ኢሉ።

ካብ'ተን ካብ ህንዲ ነዳዲ ዘእትዋ 17 ሃገራት ኤውሮጳ፡ ኔዘርላንድ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትስራዕ ኮይና፡ ኣብ ዓመት 2023/2024 ጥራይ፡ ብሚልዮናት ቶን ዝቑጸር ነዳዲ ካብ ህንዲ ከምዝዓደገት ይሕብር።

መጠን ሰደድ ነዳዲ ህንዲ ናብ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ዓመት 2020/2021 ብፍላይ ሰማይ ከምእተሰቕለ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ቀንዲ ምኽንያት - ብህንዳውያን ኣጻረይቲ ነዳዲ ዝተሰልዐ ትሑት ዋጋ ምኻኑ የገንዝቡ።

ብዘውሳኺ፡ ኣብ 2022 ሃገራት ምዕራብ፡ ብኩናት ዩክረይን ኣመኽንየን ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝኣወጃኦ በየናዊ እገዳውን ካብ'ቶም ቀንዲ ንሰደድ ነዳዲ ህንዲ ተጠቓሚ ዝገበርዎ ነጥብታት ምኻኑ ይግለጽ።

ህንዲ፡ ዋላ'ኳ ካብ ሃገራት ምዕራብ ብዙሕ ጸቕጢ እንተመጸኣ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝተኣወጀ በየናዊ እገዳ ከምዘይትድግፎ ብምግላጽ፡ ምስ ሩሲያ ዘለዋ ናይ ነዳዲ ምትእስሳር ከምዘየቋረጸት እዩ ዝሕብር።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ መጠን ሰደድ ነዳዲ ሩሲያ ናብ ህንዲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ከምዝርከብ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ብሪጣንያ፡ ሰደድ ኣጽዋር ናብ እስራኤል ብኸፊል ኣወንዚፉ

ብሪጣንያ፡ ናብ እስራኤል ክለኣኽ ካብ ዝመደበቶ ኣጽዋር ውሽጡ፡ ብኸፊል ከምዝወንዘፈቶ ኣፍሊጣ።

ብሪጣንያ ኣቐዲማ፡ ንእስራኤል 350



ናይ ሰደድ ፍቓድ ወረቓቕቲ እኳ ሂባ እንተጸንሐት፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን - ነቲ 30 ካብ'ተወንዘፎ ከምዘወሰነት ገሊጻ ኣላ።

ቀንዲ ምኽንያት ናይ'ዚ፡ እስራኤል ነቲ ካብ ብሪጣንያ ዝተቐበለቶ ኣጽዋር፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ብምጥሓስ ኣብ ዘይግቡእ ወተሃደራዊ መዓላ ከይትግልገለሉ ብምስጋእ ምኻኑ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ዳቪድ ላሚ ሓቢሩ።

ብሪጣንያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ንእስራኤል ኣዝዩ ከምዝቖጥዓ ዝገለጸ - ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል፡ "ንኣንጻራዊ ወገኑ ዓቢ ተስፋ ዝህብ ስጉምቲ ኣዩ" ክብል ገሊጽዎ ።

ብሪጣንያ ከተውንዝፎ ሓሲባ ዘላ መጠን ኣጽዋር - ኣዝዩ ውሑድ ምኻኑ ዝገለጸ ኣህጉራዊ ትካል ኣምነስቲ ግን፡ ነቲ ኣሃዝ ክብ ከተብሎ እዩ ጸዊዑ።

ኣቐዲመን - ካናዳ፡ ጃፓን፡ ሆላንድ፡ ከሎምብያ፡ ስጳኛን ቤልጅዩምን እውን፡ ናብ እስራኤል ክልእኽኦ ዝመደባ ሰደድ ኣጽዋር ከምዘወንዘፋኦ ዝዘከር እዩ።

ኣመሪካ ብምልኣኽ ኣጽዋር ናብ እስራኤል - ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዓ ከምእትርከብ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ 69 ሚእታዊት ካብ'ቲ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናብ እስራኤል ዝኣቱ ኣጽዋር፡ ካብ ኣመሪካ ምኻኑ የመልክቱ።

እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ናይ ኣልማማ ደብዳብ ካብ እትጅምር ንደሓር፡ ኣብታ ወሸመጥ ልዕሊ 39,600 ፍልስጤማውያን ከምእተቐትሉ ጸብጻባት የረድኡ።

## ኣመሪካ፡ ንፕረዚደንት ቬንዙወላ ትኸሰስ

ኣመሪካ፡ ፕረዚደንት ቬንዙወላ ኒኮላስ ማዱሮ ዝጥቀመላ ነፋሪት - ኣብ ረፓብሊክ ዶሚኒካ ድሕሪ ምሓዛ - ነቲ ፕረዚደንት ከሲሳቶ።



ኣመሪካ፡ ፕረዚደንት ማዱሮ ኣብ ልዕሊ ቬንዙወላ ንዝተኣወጀ እገዳታት ከምዝጠሓሰ እውን ትገልጽ።

መንግስቲ ቬንዙወላ ብወገኑ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ትኽተሎ ዘላ ተጻብኦን ተኹታኹን ፖሊሲታት ደው ክተብል ይጽውዕ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ንፕረዚደንት ማዱሮ ብምስየጋር ዕጹፋርስ/ሓሸሽ ክትከስስ ዝጸንሐት ኣመሪካ፡ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ቬንዙወላ ተዓዊቱ እውን ከምእተቓወመቶ ይፍለጥ።

እታ ዋንነት ቬንዙወላ ዝኾነት 'ዳሳውልት ፋልኮን 900-ኢ-ኤክስ' ዝዓይነታ - ዋጋ 13 ሚልዮን ዶላር ነፋሪት፡ ብምትሕብባር ሰበመዚ ረፓብሊክ ዶሚኒካ ከምእተታሕዘት እዩ ተገሊጹ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት፡ ኣመሪካ ልዕሊ 2 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ሕሳባት ባንክ ቬንዙወላ ከምዝደስከለት እውን ጸብጻባት የረድኡ።

## "ብሕማም በዲዶ ህበይ ዝተሃሰያ ሃገራት፡ ቅልጡፍ ክታበት ክበጽሐን ኣለዎ" ዩኒሴፍ

ብሕማም በዲዶ ህበይ ኣዝየን ተሃስየን ናብ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ቅልጡፍ ክታበት ክበጽሕ - ማዕከን ቈልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ጸዊዑ።

'በዲዶ ህበይ' ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ እናኣስፋሕፍሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ውድብ ጥዕና ዓለም - ዓለም-ለኻዊ ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ምእዋጁ ዝፍለጥ እዩ።

ክሳብ 2025 ኣብ ዘሎ እዋን፡ 12 ሚልዮን ዶዝ ክታበት ተሰሪሑ፡ ናብ'ተን ብመልከፍቲ ሕማም በዲዶ ህበይ ዝሳቐያ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ ክበጽሕ እዩ - እቲ ትካል ዝጸውዕ ዘሎ።

ብፍላይ ናብ ከም በዓል ደሞክራሳዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ዝኣመሰላ ሃገራት፡ እቲ ክታበት ብቕልጡፍ ዝበጽሓሉ መንገዲ ምንዳይ - ኣገዳሲ ምኻኑ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣገንዚቡ።

ኣብ ደ.ረ.ኮንጎ፡ ካብ'ቲ ኣብዘን ዝሓለፋ 8 ኣዋርሕ ጥራይ ልዕሊ 18,000 ሰባት - በቲ ሕማም ክልከፉ እንከለዉ፡ ልዕሊ 600 ድማ ሞይቶም።

ቀንዲ ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም፡ ረስኒ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል ኣካላት ዝርኣዩ ማይ ዝመልኦ ዓበይቲ ዕንፍሩር፡ ቃንዛ ጭዋዳታት. . . ምኻኖም ክኢላታት ይሕብሩ።

ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሓምለ፡ ሕማም 'በዲዶ ህበይ' ኣብ ርዋንዳ፡ ብሩንዲ፡ ኡጋንዳን ደቡብ-ኣፍሪቃ እውን ከምእተራእየ እዩ ዝገለጽ።

ሕማም በዲዶ ህበይ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ - ብጥፍጣፍ፡ ጾታዊ ርክብ፡ ዝተበከሉ ነገራት ብሓባር ብምጥቃም ከምኡ'ውን ካብ እንስሳታት ናብ ሰብ ብዝተረኽበ ጥቡቕ ዝምድና ከምዝመሓላለፍ ጸብጻባት የጸንዑ።



## ደ.ረ.ኮንጎ - ካብ ቤት-ማእሰርቲ ክሃድሙ ዝፈተኑ 129 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ከተማ ኪንሻሳ - ደሞክራሳዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ክሃድሙ ካብ ዝፈተኑ እሱራት፡ ብውሑዱ 129 ሰባት ከምእተቐትሉ፡ መንግስቲ እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ካልኦት ኣስታት 60 ዝኾኑ እሱራት እውን፡ ቆሲሎም ኣብ ሕክምና ከምዝርከቡ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።




"እቶም ብ'ማኻላ' ካብ ዝፍለጥ ቤት-ማእሰርቲ ክምልጡ ዝፈተኑ እሱራት፡ ኣባላት ጸጥታን ፖሊስን ከተማ ኪንሻሳ ብዘኽፈትዎ ተኹሲ ክዕወቱ ኣይከኣሉን፣ እኳ ደኣ ኣደዳ ሞትን መቑሰልትን እዮም ኮይኖም" ኢሉ - መግለጺ መንግስቲ።

በቲ ኣብ ማእከላይ ክፋል እታ ከተማ ዝተገብረ ፈተነ ህድማ፡ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታዊን ዕንወት ከምዝወረደ እውን፡ እቲ መግለጺ ይውስኽ።

ብዛዕባ እቲ ናይ ፈተነ ጉዳይ፡ ተወሳኺ መርመራታት ክካየድ ጀሚሩ ከምዘሎ እዩ - መንግስቲ ደ.ረ.ኮንጎ ሓቢሩ ዘሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጃልያ | 4/09/2024 | ጎደና ሰኩዪቲ ቁ.84ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565



Sabur Printing Services